# ሕጊ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ
# ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ

1987 ዓ. ም.ግእዝ ( 1995)

# ሓ ባ ሪ


| ተ.ቁ | ክፍሊ | ምዕራፍ | ኣንቀጽ | ገጽ | መግለጺ |
|---|---|---|---|---|---|
| 1 | መቕጻዕቲ | | | 1-2 | |
| 2 | መግለጺ | | | 2-5 | |
| 3 | ትርጉም | | | 5-7 | |
| 1 | | 1 | 1-7 | 7-11 | መሠረት ሕማን እምነትን |
| 2 | | 2 | 8-15 | 11-14 | ኣፈጻጽማ ምሥጢረ ቤተክርስቲያን |
| 3 | | 3 | 16-20 | 14-15 | መንፈሳዊ ሥነ-ምግባር |
| 4 | | 4 | 21-22 | 15-16 | ኣጽዋማትን በዓላትን |
| 5 | | 5 | 23-26 | 17-19 | ኣገልግሎት ቤተክርስቲያን |
| 6 | 1 | 6 | 27-36 | 19-23 | ኣእማድ ምምሕዳር ቤተ ክርስቲያን |
| 7 | 2 | 6 | 37-54 | 23-33 | ቤትጽሕፈትመንበረ ፓትርያርክ |
| 8 | 3 | 6 | 55-58 | 33-37 | ሀገረ ስብከት |
| 9 | 4 | 6 | 59-61 | 37-42 | ን/ሀገረ ስብከት |
| 10 | 5 | 6 | 62-73 | 42-50 | ክፍሊ ሰበኻ ቤተክርስቲያን |
| 11 | 5 | 7 | 74-96 | 50-57 | መንፈሳዊ መዓረጋት |
| 12 | 5 | 8 | 97-101 | 59-60 | ማእከልነት |
| 13 | 5 | 9 | 102- 106 | | ኣመሓደርትን ኣገልገልቲ ቤተክርስቲያንን |
| 14 | 5 | 10 | 107- 113 | 64-68 | ሕጊ መቕጻዕቲ |
| 15 | 5 | 11 | 114-126 | 69-71 | ዝተፈላለየ ኣርእስቲ |


ናይዚ ሕጊ እዚ ሓፈሻዊ ትሕዝቶ ብሓጺሩ ክምዚ ዚስዕብ እዩ። እዚ ሕጊ እዚ ናይ 1987 ዓ.ም. ሕጊ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ ዚብል ስያሜ ተዋሂብዎ ኣሎ። እዚ ኸኣ 11 ምዕራፍ 126 ኣንቀጽ [illegible] ዝኃዘ እዩ።

# መመሓደሪ መንፈሳዊ ሕግን ሥርዓትን
# ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን
# ኤርትራ

## መቕድም

በስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኣሓዱ ኣምላክ ኣሜን።

1. ሀገርና ናጽነታ ምስ ተረጋገጸ ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን እውን ባዕሳ ንባዕሳ ክትመሓደር ዕድል ስለ ዝረኸበት 21 መስከረም 1984 ዓ.ም.ግ. ናይ ግዜያዊ መንግሥቲ ኤርትራ ዋና ጸሓፊ ኣቶ ኢሳይያስ ኣፈወርቅ ኣብ ዝተረኸቡሉ ዓቢይ ጉባኤ ተገይሩ ካብ ገዳማትን ሊቃውንትን ካህናትን ክምኡውን ካብ ምእመናንን ካብ ቤት ትምህርቲ ሰንበትን 13 ኣባላት ዘለዉዎ ጊዜያዊ ሲኖዶስ ክም ዚምረጽ ተገብረ።
2. እቲ ዝተመርጸ ጊዚያዊ ሲኖዶስ ብዘውፅእ መምርሒ መሠረት ካብ ናይ ገዳማት ኣበምኔታት ንመዓርግ ኤጲስቆጶስነት 15 ሕፁያት ኣቕረቡ 5 ኤጲስ ቆጳሳት ኣምረጸ። እቶም ዝተመርጹ ድማ ናብ ግብጺ ከይዶም ብብፁዕ ወቅዱስ ኣቡነ ሲኖዳ ናይ ግብጺ ፓትርያርክ 12 ሰነ 1986 ዓ.ም.ግ.ኣብ መዓልቲ በዓለ ጰራቅሊጦስ ተሸሙ።
3. ጊዜያዊ ሲኖዶስ 13 ኣባላት ዘለዉዎ ኣርቃቒ ሕጊ ኮሚቴ ብዝመዘዞ መሠረት እቲ ኣርቃቒ ሕጊ ኮሚቴ ዘቕረቦ ረቂቕ ሕጊ ብሲኖዶስ ምስ ተራእየ ከካብ ሀገረ ስብከቱ 15 ኣባላት ተወከልቲ ከምዝመጹ ስለ ዝተገብረ ካብ 18 ነሓሰ 1987 ዓ.ም.ግ. ክሳዕ 20 ነሓሰ 1987ዓ.ም.ግ. ኣብ ር/ኣድባራት ቅድስቲ ማርያም ኣደራሽ ፍናተ ብርሃን እቲ ዝቐረበ ረቂቕ ሕጊ ቤተ ክርስቲያን ናብ ሰፊሕ ሕዝበ ክርስቲያን ማለት ናብ ጉባኤ

ገዳማትን ሊቃውንትን ካህናትን ምእመናንን ቀሪቡ ሰፊሕ ሕቶን መልስን ርእይቶን ተገብረሉ።

4. ሎሚ ምስ ናጽነት ሃገረ ኤርትራ ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያንውን ካብ ሥርዓት ምምሕዳር ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኢትዮጵያ ናጻን ሓራን ኮይና ኣቦ ኩልና ምእመናን ኮይኑ ንቤተ ክርስቲያን ዚመርሕ ናይ ገዛእ ርእሳ ፓትርያርክ ንምምራጽ በቕዐት።

5. መሠረታዊ ሕጊ ቤተ ክርስቲያን መጽሓፍ ቅዱስ እኳ እንተኾነ መሠረቱ ከይለቐቐ ማእከልነት ዚጥምትን ምስ ዘመናዊ ዓለም ዜሳንን ሕጊ ቤተ ክርስቲያን ምሕንጻጽ ድማ ኣገዳሲ ኮይኑ ተረኺቡ። እዚ ከአ ኣገልግልቲ ቤተ ክርስቲያን ብመንፈሳዊ መሪሕነት ፍልጠትን ዕብየትን ረኺቦም ንሓዋርያዊ ተልእኮ ብቕዓት ኪህልዎምን ምእመናን ብእምነቶም ጸኒዖም ኪነብሩን ኪሰስኑን ንምግባር። ሓድነት ሃገር ጸኒዑ ሰላም ሰፊኑ ኪነብር ቤተ ክርስቲያንና ብጸሎትን ትምህርቲ ወንጌል ብምሃብን ግቡእ ምእንቲ ከተበርክት: ጥሜት ዓጸባ፥ሕማም፥ድንቁርና ወዘተ...ንምጥፋእ ኣብ ዚግበር ቃልሲ ብምስታፍ ኣብ ዳግመ ሕንጻጽ ሃገር እጃማ ከተወፊ፥ ሕውነት ማዕርነት፥ ፍትሒ ኣብ ሃገርና ኪነግሥ ሓዋርያዊ ተልእኮኣ ኪትፍጽም፥ኣብ ዓለምና ጽልእን ምትህልላኽን ተሪፉ ብፍቕርን ምትሕግጋዝን ኽትካእ ንምግባር ኣብ ዚግበር ዓለም ለኻዊ ጻዕሪ ዚግባእ መንፈሳዊ ኣገልግሎት ምእንቲ ከተበርክት ነዚ መመሓደሪ መንፈሳዊ ሕግን ሥርዓትን ክትሕግግ ኣገዳሲ ኮይኑ ስለ ዝተረኽበ እዩ።

**መግለጺ**

ቅድሚ ዓለም ዝነበረን ዘሎን ዝነብርን ሓቀኛ ሕያው ኣምላኽ ወዲ ሰብ ብእምነት ንኺነብር ብሕገ ልቦናን ብሥነ ፍጥረትን ምሂሩ ነበረ። ወዲ ሰብ ግና ብሕገ ልቦናን ብሥነ ፍጥረትን ተመሪሑ ንእግዚኣብሔር ኪግዛእ ስለ

ዘይከኣለ እግዚኣብሔር ብኢድ ሙሴ ሕጊ ጽሑፍ ሃበ። (ዘፀ.18:19-27;20:1-24)። እዚ ሕጊ'ዚ ከኣ ንሰብን ንእግዚኣብሄርን ዘራኽብ ናይ ቃል ኪዳን ምልክት ደም መሥዋዕቲ እንስሳ ነበሮ።(ዘፀ.24:5-8)። ከምኡውን ሰብን እግዚኣብሔርን ዘራኽቡሉ ጸሎትን መሥዋዕትን ዘዕርጉሉ ናይ ሰማያዊ መቕደስ ምሳሌ ዝኾነ ድንኳን ምርኻብ ብትእዛዝ እግዚኣብሔር ንሙሴ ተዋሂብዎ ነበረ (ዘፀ.25:8; 33:7 )። እዛ ድንኳን እዚኣ ብፍቓድ እግዚኣብሔር ብዘመን ሰሎሞን ቤተ መቕደስ ኮይና ተሓንጸት። እግዚኣብሔር ድማ ነዛ ቦታ እዚኣ ቤት መሥዋዕቲ ንኽትከውን ሓርየያ ኣሎኹ ኣብዛ ቦታ እዚኣ ንዚጸለ ጸሎት ኣዕይንተይ ኪኽፈታ ኣእዛነይውን ጽን ኪብላ እየን ሰመይ ድማ ንዘለዓለም ኣብኣ ኪኸውን ኣዕይንተይን ልበይን ከኣ ኹሉ ጊዜ ኣብኣ ኪኾና ሓርየያን ቀዲሰያን ኣሎኹ በለ።"(1ይዜና.7:11-16)።

እዚ ከኣ ብምምጻእ ክርስቶስ ሕዝብን ኣሕዛብን ሓደ ዚኾኑላ ናይ ቤተ ክርስትያን ምሳሌ ኮይኑ የገልግል ነበረ እምበር (ሮሜ.9:24-27)። በዚ መሥዋዕቲ እዝን በዚ መቕደስ እዝን ፍጹም ጎድገት ሓጢኣትን ድኅነትን ኪርከብ ኣይተኻእለን (ዕብ.8.8;10:1-5)።

ስለዚ እዚ ኣቓዲሙ ዝተጠቕሰ ፍጹም ድኅነት ዚህብ ክርስቶስ ኪመጽእ ከም ዘለዎ እዚ ዚስዕብ ትንቢት ተነግረ።

ሀ. ከማኻ ዝበለ ነቢይ ካብ ማእከል ኣኅዋቶም ከተንሥኣሎም እየ።
ንእኡ ስምዕዎ። (ዘዳ.18:15-19; ዮሓ.5:46)

ለ. ሕፃን ተወሊዱልና ወዲ ተዋሂቡና እዩ እሞ እቲ ግዝኣቱ ኸኣ ኣብ መንኩቡ እዩ ስሙውን ግሩም መካር ብርቱዕ ኣምላኽ ፥ኣቦ ዘለዓለም፥ መስፍን ሰላም፥ ኪስመ እዩ (ኢሳ.9:6)።

ሐ. ግናኸ ኣቲ ኣብ ማእከል ኣሽሓት ይሁዳ ዝነኣስኪ ቤተልሔም ኤፍራታ፥ እቲ ምውፃኡ ካብ ጥንቲ ካብ ዘለዓለም ዝኾነ ኣብ እስራኤል ገዛኢ

ዚኸውን ካባኺ ኪወፅለይ እዩ (ሚክ.5:2; ማቴ፡ 2:1)። በዚ ዝተነግረ ትንቢታት ምልኣተ ዘመን ምስ ኣኸለ መድሓን ዓለም ክርስቶስ ካብ ቅድስት ድንግል ማርያም ተወልደ (ገላ.4:4;ሉቃ:2:4-15)።

መ. ከም ኣተዓባብያ ደቂ ሰብ ዓበየ (ሉቃ.2:52)ኣብ ሠላሳ ዓመቱ ተጠምቀ (ሉቃ.3:23) ኣርብዓ መዓልትን ለይትን ጾመ (ማቴ.4:1) ዓሠርተው ክልተ ሓዋርያት ሓረየ (ማቴ.10:1-5 ) ኣብ ምድሪ እስራኤል ወንጌል መሃረ (ማቴ.4:23) ሥርዓተ ቍርባን ሠርዐ (ማቴ.26:26) ኣብ ቀራንዮ ተሰቕለ፥ (ዮሓ.19:17; 15:37-44) ሞተ፥ተቐብረ አብ መበል ሣልሳይ መዓልቲ ተንሥአ (1ቆሮ. 15:3-4) ኣብ መበል ኣርበዓ መዓልቲ ናብ ሰማይ ዓረገ (ሉቃ.24:50-53;ግብ.ሓዋ.1:2-8) ኣብ መበል ሓምሳ መዓልቲ ንደቀ መዛሙርቱ ኣብ ጽርሓ ጽዮን መጸናንዒ መንፈስ ቅዱስ ሰደደሎም (ግብ. 2:1-5)። ክርስቶስ በዚ ኣገባብ እዚ ክርስትና መሥረተ።

ሠ. "ናብ ኵሉ ዓለም ኪዱ ንብዘሎ ፍጥረት ወንጌል ስበኹሉ (ማር.16:15) ስለዚ ኪዱ ንዂሎም ኣሕዛብ ብሰም ኣቦን ወልድን መንፈስ ቅዱስን እናኣጥመቕኩም ዝኣዘዝኩኹም ኵሉ ኪሕልዉ ኸኣ እናመሃርኩም ደቀ መዛሙርቲ ግበርዎም። እንሆ ኣነ ድማ ክሳዕ መወዳእታ ዓለም ኵሉ ሳዕ ምሳኻትኩም እየ" (ማቴ.28:19-20) ኢሉ ብዝኣዘዞም መሠረት ድማ ሓዋርያት ናብ ሰብከተ ወንጌል ተዋፈሩ። ክርስትና ከኣ ኣብ ምሉእ ዓለም ተዘርግሐ።

ሃገርና ቅድሚ እምነተ ክርስቶስ ምቕባላ ብሕገ ኦሪት ትምራሕ፥ ብኣምልኮተ እግዚኣባሔር ትኣምን ነበረት። (ዘዳ.16:16;ግብ.ሓዋ.8:26-28) ከምኡውን ኣብ (ዘኍ ል.35:6) ከም ዝተገልጸ ክቢድ ገበን ዝፈጸመ ሰብ ዚዕቆበለን ኣህጉረ ምስካይ ኣብ ሃገርና ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታት ንኣብነት ከኣ ደብረሲና ደቀምሓረ ደምበዛን፡ ጸሓፍ ላም፡ ድባርዋ ፡ ቤተንጉሥ ዳምባምጭ፥ ዝርቤን፥ ሃርፈጉርቶ፥ መጠራ፥ቆሓይቶ ዚብሃላ ነበራ። ብዘመነ ሓዲስ ድማ ድሕሪ

ልደተ ክርስቶስ ኣብቲ ቀዳማይ ሚእቲ ዓመት እቲ ኣብ (ግብ.8:26) ተገሊጹ ዘሎ ስሉብ ብሰሜናዊ ጫፍ ኣቢሉ ናብ ሃገርና እምነተ ክርስትና ሒዙ ኣተወ። ብ328ዓ.ም. ድማ ኣቡነ ሰላማ ከሣቴ ብርሃን ብወደብና ማርሳ ተኸላይ ናብ ሃገርና ኣትዩም ኣብ ደብረሲና እምነት ክርስትና ትምህርተ ወንጌል ዘርግሑ። ኣብኡውን ንነገስታት ኣኽሱም ኣብርሃን ኣጽብሃን ከምዘ ጥመቕዎም ታሪኽ ኣብርሃ ወአጽብሃ ይገልጽ።

በዚ ኣገባብ እዚ ኣብ ሃገርና ቤተ ክርስቲያን ተመሥረተት። እንተኾነ ቤተ ክርስቲያንና ኣብዚ ሓዋርያዊ ጉዕዞኣ ብዙኃት ባዕዳዊ ጕንጽታት ኣጓኒፎምዋ ነበሩ። ነቶም ዘጓነፍዋ ተረርትን ገዘፍትን ባዕዳዊ ጕንጽታት ተፃዊራን ተጸሚማን ግና ብኃይሊ እግዚኣብሔር ኣብዚ ዘላቶ መድረኽ በጺሓ ኣላ።

ረ. ኣበርክቶ፥እርቶዶክሳዊት ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ: ቋንቋ ግዕዝ ወሃብቲ ድምፂ ፍኑያት ስለ ዘይነበሮ ማለት ካብ ካዕብ ክሳብ ሳብዕ ተናበብቲ ፊደላት ኪህልውዎ ገበረት። ከምኡውን ቀመራዊኣ ኃዛትን ባሕረ ሓሳብን ዘበርከተትን ካብቲ ዘመን እቲ ጀሚራ ትግርኛ እግሪ ክሳብ ዚተክል ሥርዓተ ሥነ ጽሑፍን ትምህርትን ሃገራዊ ባህልን ቅርሲ ሃገርን ዓቂባ ዝጸንሐትን ዘውሓዘትን ቤተ ክርስቲያንና ምኻና በብኣውራጃኡ ኣብ ብራና ተጻሒፎም ዘለዉ መጻሕፍትን ሕጊ እንዳባን ምስክር እዮም።

ኣብ ርእሲ እዚ ኣብ ገዳማትን ዓበይቲ ኣብያተ ክርስቲያንን ዘለዉ ቅርስታት ቤተ ክርስቲያን ዘፍረየቶም ክብሪ ሃገር እዮም። ከምኡውን ኣብዚ ብጥንታዊነት ዚልለ ህላዌ ቤተ ክርስቲያንና በዚ ዝሓለፈ እዋን ትግልገለሉ ዝነበረት ሕግን ሥርዓትን ነይርዋ እዩ።

## ትርጉም

1. ቤተ ክርስቲያን ማለት ኣቅሌስያ ካብ ዚብል ግሪኻዊ ቃል ዝተወርሰ

ኪኸውን ከሎ ትርጉሙ ድማ ማኅበር ወይ ጉባኤ ሕዝበ ክርስቲያን ማለት እዩ። ቤተ ክርስቲያን ማለት ማኅበረ ምእመናን ምኻኑ ኬረድኡና ዚኽእሉ ጥቕስታት

ሀ. "ጴጥሮስ ንስኻ ከውሒ ኢኻ ንቤተ ክርስቲያነይ ከኣ ኣብዛ ከውሒ እዚኣ ክሓንፃ እየ" (ማቴ.16: 18-19)።

ለ. ንርእስኹምን ነታ ብገዛእ ደሙ ዘጥረያ ናይ ጐይታ ቤተ ክርስቲያንን ክትጓስዩ መንፈስ ቅዱስ ኤጲስቆጶሳት ገይሩ ኣብኣ ዝሸመኩም ኹሉ መጓሰ ሓልዉ" (ግብ.20:2; 1ቆሮ.16:19-20)።

ስለዚ ቤተክርስቲያን ማለት ጉባኤ ምእመናን ደኣምበር እቲ ሕንፃ በይኑ ከም ዘይኮነ በዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ቃላት ክንርዳእ ንኽእል። ቤተ ክርስቲያን ማኅበረ ምእመናን ዝተባህለሉ ምኽንያት ከኣ ብሓደ ጐይታን ብሓንቲ እምነትን ብሓንቲ ጥምቀትን እትኣምን (ኤፌ.4:5) ሓዋርያዊት ኣጽናፋዊት ቅድስት ስለ ዝኾነት እያ።

ሀ."ኣሓቲ ዝተባህለትሉ ምኽንያት ኣብ ዓለምና ብክርስቶስ እትኣምን ሓንቲ ቤተ ክርስቲያን ጥራይ ብምኻና፥

ለ."ሓዋርያዊት" ዝተባህለትሉ ምኽንያት ድማ ሓዋርያት ኣብ ዓለም ከም እትዝርጋሕን ጸኒዓ ከምእ ትነብርን ስለ ዝገበሩ፥

ሐ."ኣጽናፋዊት" ዝተባህለትሉ ምኽንያት ከኣ ኣብ ኣርባዕቲኡ ማእዝነ ዓለም ተዘርጊሓ ስለ እትርከብ፥

መ."ቅድስት" ዝተባህለትሉ ምኽንያት ከኣ ክርስቶስ ብደሙ ስለ ዝቐደሳን ጉባኤ ቍስጥንጥንያ ድማ ብሓንቲ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ንኣምን ኢሉ ስለ ዝሰመያን እያ። ንሕና ኤርትራውያን ኣመንቲ ክርስትና ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያንውን በታ ሓንቲ ቅድስት ሓዋርያዊት ኣጽናፋ ዊት ዚብል ቅጽል እትፍለጥ ሓንቲ ቤተ ክርስቲያን ንኣምን።

## 2.ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን

ሀ."ኤርትራዊት"ዝተባህለትሉ ምኽንያት ኣብ ሃገረ ኤርትራ እትርከብ ብምኳና።

ለ."ኦርቶዶክስ" ዝተባህለትሉ ድማ ቅኑዕ እምነት ዝሓዘት ስለ ዝኾነት

ሐ."ተዋሕዶ"ዝተባህለትሉ ኸኣ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ብተዋሕዶ ሓደ ኣካልን ሓደ ባህርይን ማለት ፍጹም ሰብን ፍጹም ኣምላኽን ከም ዝኾነ ስለ እትኣምንን ከምኡ ኢላ ድማ ስለ እትምህርን እተአምንን እዩ። ቤተ ክርስቲያንና እቲ ጥንታዊ እምነታ ሓልያ ብመሠረት እቲ ተጐናጺፋቶ ዘላ ሓርነት ምስተን ንአኣ ዚመስላ ምብራቓውያን ኦርቶዶክሳውያን ተዋሕዶ ኣብያተ ክርስቲያን ተባሂለን ዚፍለጣ ተመዓራርያን ከቢራን ኣሳ።

ቤተ ክርስቲያንና ክርስትና ኣብ ሃገርና ኤርትራ ካብ ዝተመሥረተሉ ጊዜ ጀሚራ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ብሉያትን ሓዲሳትን ከምኡውን ካልኦት ናይ ቤተ ክርስቲያን ቅዱሳት መጻሕፍትን ካብ እብራይስጥን፣ ጽርእን፣ዓረብን፣ሱርስ ትን፣ናብ ግዕዝ እናተርጐመትን ወንጌል እናመሃረትን ገዳማት ከም ዚምሥረ ቱ ኣብያተ ክርስቲያን ከምዚ ሕነፁ ዝገበረት እያ። ነዚ ጉዕዞ ሕይወት ክርስትና ዓንዲ ሕቆ ኮይንን ኪዕቅባአን ኬማዕብላአን ዝጸንሓ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ከም ዚመኃላለፍ ዝገበራን ድማ ናይ ኤርትራ ገዳማት እየን።

## ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተክርስቲያን

## መሠረት ሕግን እምነትን

## ምዕራፍ ሓደ

### ኣንቀጽ 1 መሠረተ ሕግን እምነትን:

መሠረት ሕግን እምነትን ትምህርትን ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን 81 መጽሓፍ ቅዱስ እዩ።

**ኣንቀጽ 2 ብሕገ ልቦና**

ኣብ መቕድም ከም ዝተገልጸ ቤተ ክርስቲያንና ቅድሚ እምነተ ክርስትና ብሕገ ልቦናን ብሕገ ኦሪትን ትኣምን ነበረት። ኣብ መጀመርታ ዝተፈጥሩ ኣበው ናይ እግዚኣብሔር ክህሊነቱን ፈጣሪነቱን ኣምላክነቱ ኣሚኖም ብሕገ ልቦና ጸኒዖም ትእዛዛቱ ሓልዮም ብምግባረ ሠናይ ዝተመስገኑሉ ታሪኾም ታሪኽና እምነቶም እምነትና ኢላ ትኣምንን ተእምንን (ዘፍ.12:1-8; ያዕ.2:21-24; ዕብ 11:3)

**ኣንቀጽ 3 ብሕገ ኦሪት**

ካብ ሙሴ ጀሚሩ ብትእዛዝ እግዚኣብሔር ዝተጻሕፉ ዓሠርተ ትእዛዛተ ኦሪት "ኢታምልክ ባዕደ ኣምላከ ዘእንበሌየ" ኣፍቅር ቢጸከ ከመ ነፍስከ ካብ ዚብል ጀሚሩ ክሳዕ መወዳእታ ተቐቢላ ሓቀኛ መምርሒ ምኻኖም ንኽልኦት ትምህርን ተእምንን (ዘጸ.20:3-17;ሌዋ. 19:18; ሉቃ.16:17)።

**ኣንቀጽ 4 ብሕገ ሐዲስ**

ቃለ እግዚኣብሔር ወልድ ማለት መለኮታዊ ኣካል ደቂ ሰብ ንምድኃን ካብ ሰማየ ሰማያት ወረደ። ብናይ መንፈስ ቅዱስ ምሥጢር ካብ ቅድስት ድንግል ማርያም ተወልደ ብተዋሕዶ ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ኮነ፤ ኣብ ዮርዳኖስ ተጠምቀ ሕገ ወንጌል መሃረ ምእንቲ ኃጢኣት ደቂ ሰብ ኣብ መስቀል ተሰቕለ ሞተ ተቐብረ እብ መበል ሣልሰይ መዓልቲ ተንሥአ፡ ንሰማያት ዓረገ እብ ሕያዋንን ሙታንን ኪፈርድ ንኻልኣይ ጊዜ ኪመጽእ እዩ ኢላ ትኣምንን ተእምንን።

**ኣንቀጽ 5 ኣዕማደ ምሥጢር**

ሀ. ኃሙሽተ ኣዕማደ ምሥጢር

ለ. ሾብዓተ ምሥጢራተ ቤተ ክርስቲያን እዮም።

## ኣንቀጽ 6 ኃሙሽተ ኣዕማደ ምሥጢር:

### 1. ምሥጢረ ሥላሴ:

ቅድስት ቤተ ክርስቲያንና ብናይ እግዚኣብሔር ሓድነትን ሠለስትነትን ትኣምን።ማለት እግዚኣብሔር ብስም ብግብሪ ብኣካል ሠለስተ ብመለኮት ብፍቓድ ብህልውና ሓደ እዩ ኢላ ትኣምን (ዘዳ.6:4)። ስም ሠለስትነቱ ከኣ ኣብ ወልድ መንፈስ ቅዱስ ይበሃል (ማቴ.28:19-20)

### 2. ምሥጢረ ሥጋዌ

ካብቶም ሠለስተ ኣካላት እቲ ሓደ ኣካል እግዚኣብሔር ወልድ ንኣና ንደቂ ሰብ ካብ መርገምን ፍዳን ሓራ ክውፅኣና ኢሉ ብዳሕረዋይ ዘመን ፍጹም ሰብ ፍጹም ኣምላኽ ኮነ ኢላ ትእምን።

### 3. ምሥጢረ ጥምቀት

ጥምቀት ማለት ከምቲ መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ኪዱ እሞ ንኹሎም ኣሕዛብ ብስም ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን እና ኣጥመቕኩም ዝአዘዝኩኹም ኵሉ ኪሕልዉ ከኣ እና መሃርኩም ደቀ መዛሙርተይ ግበርዎም (ማቴ.28 : 19-20)። ካብ ማይን ካብ መንፈስ ቅዱስን ዘይተወልደ ናብ መንግሥቲ እግዚኣብሔር ኪኣቱ ኣይክእልን እዩ። (ዮሐ.3:5-8)። ዝኣመነን ዝተጠምቀን ኪድኅን እቲ ዘይኣመነ ግና ኪኹነን እዩ ኢሉ ዝመሃሮ፥ (ማር.16:16)። ከምኡውን ቅዱስ ጴጥሮስ "ነፍሰ ወከፍኩም ንስሓ እተዉ ካባኻትኩም ነፍሰ ወከፍ ብኢየሱስ ክርስቶስ ስም ይጠመቕ። ምስትሥራይ ኃጢአትን ናይ መንፈስ ጸጋን ክትቕበሉ ኢኹም፥(ግ/ሐ.2:38) ብዚ ብል ትኣምን።

### 4. ምሥጢረ ቍርባን

ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ በታ ዝተታሕዘላ ምሸት ለይቲ ካብቲ ንድራር ዘምጽኡሉ እንጌራ /ኅብስቲ/ ኣልዓለ ባሪኹ ቆሪሱ ንደቀ መዛሙርቱ ሃቦም። "እዚ ሥጋይ እዩ: እንኩ ብልዑ: በሎም ጽዋዕ ኣልዒሉ ኣመስጊኑ

ድማ'' እዚ ምእንቲ ብዙኃት ንኅድገት ኃጢአት ዚፈስስ ናይ ሓዲስ ኪዳን ደመይ እዩ እሞ ካብዚ ኩልኹም ስተዩ እናበለ ሃቦም'' (ማቴ.26:26; ሉቃ.22:14-22)። ከምኡውን ሥጋይ ዝበልዕ ደመይውን ዝሰቲ ናይ ዘለዓለም ሕይወት ኣላቶ እቲ ሥጋይ ዚበልዕ ደመይ ዚሰቲ ኣባይ ይነብር ኣነውን ኣብኡ (ዮሓ 6:54-57)። ብዝበሎ መሠረት ሥጋ ወልደ እግዚኣብሔር ሕይወተ ሥጋን ሕይወተ ነፍስን ዚህብ ካብ ኃጢአት ዘንጽሕ ምኳኑ ትኣምን (1ዮሓ.1:7-9;1ቆሮ.11 :23-29)።

## 5. ምሥጢረ ትንሣኤ ሙታን

ኣብ መወዳእታ ዘመን ጉይታናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ብኽብርን ምስጋናን ተመሊሱ ኪመጽእ እዩ። በቲ እዋን እቲ ኵሎም ዝሞቱ ሰባት ኪትንሥኡ እዮም። ጽቡቕ ዝገበሩ ኣብ መንግሥተ ሰማያት ክፉእ ዝገበሩ ከኣ ናብ ናይ ዘለዓለም ኩነኔ/ገሃነመ እሳት/ ኪኸዱ እዮም (ማቴ.24:24-33; ማቴ.25:46)።

## ኣንቀጽ 7 ሾብዓተ ምሥጢራተ ቤተ ክርስቲያን

ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ንምእመናን መንፈሳዊ ጸጋ ዜውህብ ኣገልግሎት እትህበሉ ሾብዓተ ምሥጢራት እዞም ዚስዕቡ እዮም

1. **ብጥምቀት**: ውሉድ ኣምላኽ ምኳንን ኣብ ሓድሽ ሕይወት ምንባርን ትህብ (ዮሓ:3:3-8)።
2. **ብሜሮን** ብሜሮን መንፈሳዊ ዕቤትን ጽንዓትን ተጎድር (ሉቃ.1:80)
3. **ብቍርባን:** ኅድገት ኃጢአትን ናይ ዘለዓለም ሕይወትን ተውህብ (ዮሓ.6:52-58)።
4. **ብክህነት:** ናይ ምምሃርን፣ምጥማቕን፣ምቕዳስን ኃጢአት ምስ ትስራይን መንፈሳዊ ሥልጣንን ትህብ (ዮሓ.20:23) ።
5. **ብንስሓ:** ኅድገት ኃጢአትን ምሕዳስ ሕይወትን ትህብ (ግብ.3:19-21)።
6. **ብተክሊል:** ጽንዓት ቃል ኪዳንን፣ናብራ ቅድስናን ተጎድር

(ሚልክያስ.2: 14- 16:ኤፌ.5:21-33;ማቴ.19:1-9)።

7. **ብቐንዲል** ኃይሊ መንፈሳውን ጥዕናንን ትህብ (ያዕ.5:14-17; ማር.6. 13)።ምሥጢር ዘብሃል ብዓይኒ ዘይርአ: ብእምነት ዚትሓዝ ረቒቕ ነገር እዩ። እዞም ሾብዓተ ምሥጢራት ቤተ ክርስቲያን ድማ ብዚርአ ምልክት ዘይርአ ጸጋ ዚህቡ፣ኣብ ቤተ ክርስቲያን ይኹን ሕሙማት ኣብ ዚርከቡሉ ቦታ ዚፍ ጸሙ እዮም።

## ምዕራፍ ክልተ

## ኣፈጻጽማ ምሥጢረ ቤተ ክርስቲያን:

### ኣንቀጽ 8 ሥርዓተ ጥምቀት:

1. ኣፈጻጽማ ሥርዓተ ጥምቀት :መዓርገ ክህነት ዝለበሰ ካህን ብማይን ብጸሎትን (ዮሓ.3:1-16) ብስም ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ሓደ ኣምላክ ኢሉ ምስ ኣጥመቐ ሜሮን ብምቕባእ ይፍጸም።
2. ሥነ-ሥርዓት ጥምቀት ዚፍጸመሉ ወዲ ኣብ ኣርብዓ /40/ ጓል ኣብ ሰማንያ/80/ መዓልቲ ይኸውን (ዘሌ.12:1-5;ኩፋ.4:8-13)። ሓሚሙ (ሓሚማ) ንሞት ዘሰግእ ሕፃን እንተ ተረኺበ ግና ቅድሚ እቲ ውሱን መዓልቲ ብሞግዚት ኣብ ቤተ ክርስቲያን ቀሪቡ ኪጥመቕ ይግባእ። ብተወሳኺ ወድን ጓልን ማንታ እንተ ተወልዱ እቲ ወዲ ኣብ መዓልቱ ይጥመቕ ናይ ጥምቀት ክርስትና መዝገብ ስም ውሉድን ወለድን ኣቦሓጕን ሒዙ ይምዝገብ። ወለዲ ንውሉድ ካልእ መጸውዒ ስም እንተ ሃብዎ ቦታ ተዳልዩሉ ኣብ መዝገብ ይሰፍር።
3. ጥምቀት ዚፍጸም ኣብ ቤተ ክርስቲያን ሥርዓተ ቁርባን ኣብ ዚፍጸመሉ ዕለት ይኸውን
4. ሕፃን ዘይኮነ ሰብ ኪጥመቕ ኣብ ዚድለየሉ ጊዜ ብንኡስ / ቍ 1ን 3ን መሠረት ይፍጸም።

5. ቤተ ክርስቲያን ኣብ ዘይብሉ ቦታ ግን ቅዱስ ቍርባን ኪሥራዕ ስለ ዘይከኣል:እቶም ዘድልዩ ንዋየ ቅዱሳት ማለት ማይ ሜሮን፥ቅብዓ ቅዱስ፥ ወንጌል፥መስቀል፥መጽሓፈ ጥምቀት ዝሓዘ ካህን ጥራይ ከጠምቕ ይኽእል

**አንቀጽ 9 ኣቀባብኣ ሜሮን:**

ሀ. ብዘመነ ሓዋርያት ሓዲሽ ኣማንን ሕፃንን ኪጥመቑ ከለው ብኣንብሮ እድ መንፈስ ቅዱስ ይሓድሮም ነበረ: ኣብ ዳሕረዋይ ዘመን ግና ብውሳኔ ቤተ ክርስቲያን ኣብ ክንዲ ኣንብሮ-እድ ጥራይ ሜሮንውን መንፈስ ቅዱስ ከም ዚሓድሮም ስለ ዝተኣምነ:ምስ ተጠምቁ ሜሮን ከም ዚቕብኡ ተገብረ 1ዮሓ.2:20 : 2ቆሮ. 1: 21-22። ግብ2:38። 8:16-17።19: 56

ለ. ሓድሽ ጾላት: ሓድሽ ቤተ ክርስቲያን ሓደስቲ ንዋየ ቅዱሳትን ሥዕልን ምእንቲ ኪቕደሱ ሜሮን ይቕብኡ (ዘፀ.30:26-29)።

**አንቀጽ 10 ሥርዓተ ቁርባን:**

ሀ ቍርባን ብንጹሕ ኅብስቲ ስርናይን ወይንን ብጸሎተ ቅዳሴን ይፍጸም ( ዘፍ 14:8; ዕብ9:1-4)።

ለ. ብዘይካ ኣብ በዓለ ጥምቀትን ሕዝቢ ተኣኪቡ ንምህልላ ኣብ ዚፍጸም ጸሎት ቅዳሴን እንተ ዘይኮይኑ ካብ ቤተ ክርስቲያን ወፃኢ መሥዋዕተ ቍርባን ኪሥራዕ ክልኩል እዩ።

ሐ. ናብ ቤተ ክርስቲያን መጺኡ ኪቆርብ ዘይክእል እንተ ድኣ ኮይኑ ግና ቀዳስያን ናብ ዘለዎ ቦታ ክይዶም የቍርብዎ።

**አንቀጽ 11 ኣወሃህባ ንስሓ:**

ናይ ኃጢኣት ንስሓ ኣብ ክልተ ይኽፈል። ንሱ ከኣ ጌጋን በደልን እዩ

ሀ. ጌጋ:-ክይፈለጥካ ዚፍጸም ኩሉ ብጸሎተ ንሥሓ ሥርየት ይፍጸም። ጸሎተ ሥርየት ዝብሃል ከኣ:

1. ነኣኩቶ ለገባሬ ሠናያት

2. ጸሎተ ሃይማኖት

3. ኣመክንዮ ዘሓዋርያት

4. ጸሎተ ንስሓ

5. ፍትሓት ዘወልድ

6. መዝሙረ ዳዊት 51/50/ ተግሃለነ መዝሙር (24 /25:ሉቃ15:17-18)።

ለ. ከቢድ በደል:- ከቢድ በደል (ኃጢኣት) ዚብሃል ድማ ኮነ ኢልካ ብድፍረት ዚፍጸም ኩሉ እዩ። ነዚ ዝፈጸመ ምእመን ዚኸእሎ ቀኖና በቲ ናዛዚ ካህኑ ኣብ ቤተ ክርስቲያን ወይ ድማ ንኽልቲኦም ኣብ ዚጥዕም ቦታ ንስሓ ይወሃብ።

## ኣንቀጽ 12 ክህነት

ካህን ኣብ ቤተ ክርስቲያንን ኣብ ዘድሊ ቦታን እናኸደ ይምህር፣የጥምቕ፣ የጸናንዕን ሥርየት ይህብን።

## ኣንቀጽ 13 ተክሊል ቃል ኪዳን

ዚመራዓዓዉ ወድን ጓልን ተሳልዮምን ተኣማሚኖምን ይመርዓዓው። ኣብ ጊዜ መርዓ ጓል ኮነ ወዲ ካብ 18: ዓመት ዕድመ ንላዕሊ ኪኾኑ ኣለዎም።

1. ቃል ኪዳን ዚፍጽሙ ተመራዓውቲ ቅዱስ ቍርባን ኪቕበሉ ኣለዎም።
2. መውሰቦ ንምፍጻም ናይ ክልተ ተዋሰብቲ ዝምድና ካብ 5ይ ወለዶ ንላዕሊ ጀሚሩ ኪኸውን ይክእል።
3. ቃል ኪዳን ብዚምልከት ክርክር እንተ ተላዕለ ዳንነቱ ብቤተ ክርስቲያን ይርአ።

## ኣንቀጽ 14 ኣፈጻጽማ ቀንዲል

ቀንዲል ካህን ኣብ ልዕሊ ዘይቲ ጸልዩ ንሕሙም ይቐብኣሉ (ያዕ.5:14)።

## ኣንቀጽ 15 (ዘይድገሙ ምሥጢራተ ቤተ ክርስቲያን)

ሀ. ጥምቀት

ለ. ሜሮን

ሐ. ክህነት

መ.ተክሊል እዮም።

## ምዕራፍ 3

## መንፈሳዊ ሥነ-ምግባር

**አንቀጽ 16 (ጸሎት) ጸሎት ኣብ ሠለስተ ይኽፈል**

1. ውልቃዊ
2. ናይ ስድራ ቤት
3. ማኅበራዊ ተባሂሉ ይፍለጥ።

ጸሎት ኣብ መዓልቲ 7 ጊዜ ይካየድ። ንሱ ኸአ ንግሆ (ነግሀ) ረፍዲ (ሠለስቱ)፥ፍርቂ መዓልቲ(ስድስቱ) ኣጋ ጊዜ (ተስዓቱ)፥ምሸት (ሠርክ)፥ጊዜ ድቃስ (ንዋም) ፍርቂ ለይቲ (መንፈቀ ሌሊት) እዩ (መዝ 119:164)።

**አንቀጽ 17 ምጽዋት**

ምጽዋት ክልተ ዓይነት ኮይኑ 1.ሕቡእ/ስውር/ 2. ግሉጽ ተባሂሉ ይፍለጥ።

**አንቀጽ 18:- ጾም**

ጾም ክልተ ዓይነት ኮይኑ

1. ብትእዛዝ ቤተ ክርስቲያን ዚጽወም
2. ብገዛእ ርእሰኻ ብንስሓ ወይ ብብሕቲ ዚጽወም እዩ።

**አንቀጽ 19 ስግደት**

ስግደት ሠለስተ ዓይነት እዩ ንሱ ኸአ

1.ናይ አምልኮ (ማቴ.4:9-10; ራኢ2:11) ።

2.ናይ ጸጋ ( ራዕ.3:9 ; ግብሓዋ16:29)።

3. ናይ አኽብሮት ይብሃሉ። (ዘፍ.47:31)።

ኣብ ሰሙነ ሕማማት በዓላት እኳ አንተ ኣጋጠመ ንኣምላኽካ ምስጋድ ነቲ

በዓል ምድፋር ማለት ሰለ ዘይኮነ ኪሰገድ ኣለዎ ዘፍ 47:30-31)።

## ዓንቀጽ 20 ምምላድ ቅዱሳን እግዚኣብሔር

ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ብናይ ቅድስት ድንግል ማርያምን፣ብመላእኽትን፣ነቢያትን፣ሓዋርያትን፣ሰማዕታትን፣ጻድቃንን ኣማላድነት ትኣምን(ዮሓ.2:1-13፡ሉቃ.20:37-39፡ራእ. 6:9፡ዕብ.12:15፡ዘፀ.32 :1-14፡ ማቴ.10:40-42)

# ምዕራፍ 4

## ኣጽዋማትን በዓላትን

## ዓንቀጽ 21 ( ኣጽዋማት)

ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ሥሩዕ ኣጽዋማት

1. ጾመ ነቢያት ካብ 15 ኅዳር ክሳብ 28 ታኅሣሥ
2. ዓርቡ-ሮቡዕ
3. ገሃድ ድሮ ልደትን ጥምቀትን፡
4. ጾመ ነነዌ - 3 መዓልቲ፡
5. ጾመ ኣርብዓ -55 መዓልቲ ምስ ጾመ ሕርቃልን ሰሙነ ሕማማትን፡
6. ጾመ ሓዋርያት /ጾመ ሰነ/ ይሓጽር ይነውሕ፡
7. ጾመ ፍልሰታ-15 መዓልቲ ካብ 1-15 ነሓሰ እየን፡

## ዓንቀጽ 22 በዓላት

### ሀ. ዓበይቲ በዓላት እግዚእን

1. በዓለ ትስብእት -29 መጋቢት
2. በዓለ ልደት - 29 ታኅሣሥ ጥራይ ዝብዕል
3. በዓለ ጥምቀት - 11 ጥሪ
4. በዓለ ሆሣዕና- ሰንበት

5. በዓለ ስቅለት- ዓርቢ

6. በዓለ ትንሣኤ- ሰንበት

7. ዕርገት - ሓሙስ

8. ጰራቅሊጦስ - ሰንበት ካብ ፋሲካ/ 50 መዓልቲ

9. በዓለ ደብረ ታቦር - 13 ነሓሰ

**ንኡሳን በዓላተ እግዚእነ**

1.ስብከት =

2. ብርሃን =

3. ኖላዊ =

4. ጌና =

5. ግዝረት

6. ቃና ዘገሊላ

7. በዓለ ስምዖን

8. ደብረ ዘይት

9. መስቀል: 10 መጋቢት (17መስከረም)

**ሐ. ዓመታዊ በዓላተ ድንግል ማርያም**

1. ልደታ - ብ 1 ግንቦት

2. በዓታ - ብ 3 ታኅሣሥ

3. ቍስቋም - ብ 6 ኅዳር

4. ኪዳነ ምሕረት - ብ 16 ለካቲት

5. ፍልሰታ - ብ 16 ነሓሰ

**መ. ዓመታዊ በዓላት**

ቅዱስ ዮሓንስ ብ1 መስከረም ጥንተ ስቅለት 27 መጋ ቢት፥

**ሠ. ሰሙናዊ በዓላት**

ኩሉ ጊዜ ቀዳምን ሰንበትን ሰሙናዊ በዓላት እዮም።

**ረ. ወርኃዊ በዓላት**

1. ቅዱስ ሚካኤል - ብ 12 ኣብ ነፍስ ወከፍ ወርሒ
2. በዓለ ማርያም - ብ 21 ኣብ ነፍስ ወከፍ ወርሒ
3. በዓለ እግዚእነ - ብ 29 ኣብ ነፍስ ወከፍ ወርሒ

**ሰ. በዓላት ቅዱሳን**

ናይ ሊቃነ መላእክት፣ሓዋርያት፣ሰማዕታት፣ጻድቃን ፣በዓላት ቤተክርስቲያን ብስሞም ኣብ ዝተሓንጸሉን፣ ታቦቶም ኣብ ዝተቐርጸሉን ሰበኻ ኺብዕል ይኽእል። ካብዚ ዝተረፈ ግና ቤተ ክርስቲያንና ከሥርሕ ንዝበለ ኮነ ከብዕል ንዝደለየ ተቓውሞ የብላን።

## ምዕራፍ 5

## ኣገልግሎት ቤተ ክርስቲያን

**ኣንቀጽ 23 ሰብሓታት**

ቤተ ክርስቲያንና በዞም ዚስዕቡ ሰብሓታት ትግልገል

ሀ. ጸሎተ ነግሀ

ለ. ሰዓታት ዘመዓልት ወዘሌሊት

ሐ. ያሬዳዊ ማኅሌት

መ. ሰብከተ ወንጌል

ሠ. ቅዳሴ

ረ. ጸሎተ ሠርክ

ሰ. ፍትሓተ ጸሎተ መውታን። ብዝኈ ኣገልገልቲ ብዓቕሚ ቤተ ክርስቲያን ይውሰን።

**ኣንቀጽ 24 ጊዜ ቅዳሴን ኣገባቡን**

ጊዜ ቅዳሴን ኣገባቡን ብቅዱስ ሲኖዶስ ይውሰን

**ኣንቀጽ 25 (ምዝርጋሕ ሰብከተ ወንጌል**

ግዕዝ መሠረታዊ ቋንቋ ኮይኑ ጸሎትን ትምህርቲ ምንባባትን ሕዝቢ ብዚስምዖ ቛንቋ።

ሀ. ኣብ ቤተ ክርስቲያን

ለ. ኣብ ትምህርቲ ሰንበት

ሐ. ኣብ መንፈሳዊ ቤት ትምህርቲ

መ. ኣብ ቀብሪ፡ኣብ ሓዘን፡ኣብ መርዓ

ሠ.ትምህርቲ ሃይማኖት ኣብ ነፍሰ ወከፍ ቤተ ክርስቲያን ይወሃብ።ትምህርቲ ሰብከት ወንጌል ክእለት ብዘለዎምን ቤተ ክርስቲያን ብዝኣመነትሎምን ሰባኪያን ጥራይ ይወሃብ። ክይተማህሩ ተማሂርና፡ ክይተሳእኩ ተላኢኽና ኢሎም ቤተ ክርስቲያን ክይፈቐደትሎም ዚሰብኩ ክልኩላት እዮም ።

1. ኣብ ዕለተ ሰንበት ኣብ መንጐ ቅዳሴ ወንጌል ምስ ተነበ ሕጽር ዝበለ ሰብከት ወንጌል ይወሃብ።
2. ኣብ ጊዜ ቅዳሴ ዝተፈላለየ ጸሎት ኮነ ሰብከት ኣይፍቀድን።
3. ድሕሪ እግዚእታ ኣብ ውሽጢ- ሃይማኖተ ኣበው እናተነበ፡ ኣብ ቀጽሪ ንዚርከቡ ምእመናን ሰብከተ ወንጌል ይወሃብ።
4. ትምህርቲ ሃይማኖት ኣብ ነፍሰ ወከፍ ቤተ ክርስቲያን ካብ ሰዓት 5:00 ድሕሪ ቐትሪ ጀሚሩ መዓልታዊ ይወሃብ። ሰንበት ከኣ ካብ ሰዓት 4:00 ድሕሪ ቐትሪ ይጅምር።

## <u>ኣንቀጽ 26 ፍትሓተ ጸሎተ ምውታን</u>

1. ንሓድሽ ዝሞተ ምእመን ጸሎተ ፍትሓት ሾብዓተ ጊዜ ኮይኑ፡እተን ሹዱሽተ ኣብ ውሽጢ ቤተ ክርስቲያን እታ ሻብዓይቲ ኣብ መካነ መቓብር ትፍጸም።
2. ዝኾነ ይኹን ቀኔ ንምዉት ተባሂሉ ኣብ መቓብር ክይግበር ክልኩል እዩ። ኣብ ክንድኡ ሰብከተ ወንጌል ክም ዚወሃብ ይኸውን።
3. ፍትሓተ ጸሎት፥ዓሠር ኣርብዓ፥ሰማንያ፥ተዝካር፥መንፈቕ ዓመት፥ወዘተ

ኪፍጸም ከሎ ዝኾነ እኸለ ማይ/ከይግበር ክልኩል እዩ።

4. እብ ክንዲ እኸለ ማይ ጻማ መንፈሳዊ እገልግሎት ካህናት፣ቤተ ክርስቲያን ብእተውፅእ መምርሒ ንቤተ ክርስቲያን ይኸፈል።

## ምዕራፍ 6

## ኣዕጋድ ምምሕዳር ቤተ ክርስቲያን

### እንቀጽ 27 መሠረት

ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን እዞም ዚስዕቡ ናይ ምምሕዳር ኣዕማድ ኣለውዋ።

ሀ. ቅዱስ ሲኖዶስ

ለ. መንበረ ፓትርያርክ

ሐ. ሃገረ ስብከት (መንበረ ጵጵስና)

መ. ንኡስ ሃገረ ስብከት

ሠ. ክልል ሰበኻ ቤተ ክርስቲያን

## ክፍሊ ሓደ

### እንቀጽ 28 ቅዱስ ሲኖዶስ።

ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲ.ን ላዕለዋይ መንፈሳዊ ኣካል ቅዱስ ሲኖዶስ እዩ። ብመሠረት ቀኖና ቤተ ክርስቲያን ድማ ኣባላት ቅዱስ ሲኖዶስ

ሀ. ናይ ሃገረ ኤርትራ ፓትርያርክ /ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት/ ኣቦ መንበር።

ለ. ሊቃነ-ጳጳሳት

ሐ. ጳጳሳት /ኤጲስቆጶሳት/እዮም።

መ. ሲኖዶስ ቍጽሩ ክም ናይ ሓዋርያት ኪምልእ እንተ ደለየ ካብ ደገ ባዕሉ መሪጹ ይውስኽ።

## ዓንቀጽ 29 ዕላማ ቅዱስ ሲኖዶስ

ሀ. ናይ እግዚኣብሔር ወንጌል መንግሥት ምስባኽን ትምህርቲ ወንጌል ምስ ፍሕፋሕን።

ለ.ናይ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን እምነትን ሥርዓትን ንምሕላውን ኣገልግሎታ ዝተማልአ ምግባርን

ሐ. ኣብ ኣገልግሎት ቤተ ክርስቲያን ዝተዋፈሩ ኩሎም ቤተ ክህነት ኣብ ሓዋርያዊ ተግባር ንምውዳብን ክእለቶምን ናብራኦምን ክም ዚመሓየሽ ንምግባርኝ

መ. ኣመንቲ ኪበዝሑ ብመንፈሳዊ ፍልጠት ኪሕነጹ ብእምነትን ስነ ምግባርን ኪጸንዑ፡ ብክርስቲያናዊ ሕይወት ተሓልዮም ኪነብሩ ጻዕሪ ምግባር፡

ሠ. ምምሕዳር ቤተ ክርስቲያን ምምሕያሽ፡ ቤተ ክርስቲያን ብዝኾነ ጉዳይ ርእሳ ክም እትኽእል ምግባር

ረ. መንእሰያት ናይ ወለዲ /ኣበው/ እምነትን ባህልን ኣኽቢሮም ኪነብሩ ጻዕሪ ምግባር

ሰ. ኩሎም ደቂ ሰባት ካብ ጥሜት፥ዕርቃን፥ሕማም፥ድንቁርና ተናጊፎም ብሰላምን ብምውህሃድን እናተሓጋገዙ ኪነብሩ ምምሃርን ምጽላይን፡

ሸ. ኣመንቲ ኪበዝሑ ብመንፈሳዊ ፍልጠት ኪሕነጹ ብእምነትን ስነ ምግባርን ኪጸንዑ መንፈሳዊ ቤት ትምህርቲ ምኽፋትን ምስፍሕፋሕን እዩ።

## ዓንቀጽ 30 ሥልጣንን ኃላፍነትን ቅዱስ ሲኖዶስ

ቅዱስ ሲኖዶስ ናይ ቤተ ክርስቲያን ላዕለዋይ ሓጋጊ ኣካል እዩ። ክኸም ኣድላይነቱ ንቤተ ክርስቲያን ዚኸውን ሓድሽ ሕጊ ንምውፃእ፡ ደረጃ ሥልጣነ ክህነት ዚምልከት ኮነ ንምምሕዳር ቤተ ክርስቲያን ዚምልከት ኣንቀጽ የውፅእ ወይ ከኣ ናይ ቤተ ክርስቲያን መቕጻዕቲ ንምምሕያሽ ወይ ንቤተ ክርስቲያን ዚኸውን ኣንቀጻት ንምውፃእ ሥልጣን ኣለዎ።

ቅዱስ ሲኖዶስ ናይ እምነት ላዕለዋይ ሓለዊ እዩ። ነቲ ካብ ሓዋርያትን፣ ሰዓብቶም፣ኣቦታትን ዝተቐበልናዮ እምነት እናሓለወ ናይ እምነት መሠረት ዝኾነ ነገር ኪትርጉም ሥልጣን ኣለዎ። ንእምነትን ታሪኽ ቤተ ክርስቲያንን ብዚምልከት ንዚጸሓፉ መጻሕፍቲ ኪቈጻጸርን ኪፈቕድን ሥልጣን ኣለዎ።

ሀ. ቅዱስ ሲኖዶስ ናይ ቤተ ክርስቲያን ላዕለዋይ ወሳኒ ኣካል እዩ። ኣብ ዝኾነ ይኹን ሥልጣን ቤተ ክርስቲያን ወይ እምነታ ንዚትንኪ ጌጋ ዝፈጸመ ዘበለ ምእመን ዚፈርድ ቅዱስ ሲኖዶስ እዩ። ካብ ሃገረ ስብከት ብይግባይ ዚመጽእ ጉዳያት ተመልኪቱ ውሳኔ ዚህብ ንሱ ኮይኑ: ኣገባቡ ብዚምልከት ድማ ብሕጊ ይውሰን።

ለ.ቅዱስ ሲኖዶስ ዝወሰኖ ውሳኔታት መወዳእታን ይግባይ ዘይብሉን እዩ። ነቲ ዝተወሰነ ጉዳይ እንደገና ክርእዮ ዚግባእ ብዓቢ ምኽንያት እንተረኺበ ብጀካኡ ዝርእዮ ካልእ ኣካል የልቦን። ንእብነት ተጋግዩ ክሒዱ ዝነበረ ሰብ ተናሲሑ ኣሚኑ ምሕረት ኪሓትት ከሎ ምሕረት ዚገብረሉ ቅዱስ ሲኖዶስ እዩ።

ሐ.ቅዱስ ሲኖዶስ ናይ ፓትርያርክ ምርጫ ዚቈጻጸርን ኣብቲ ምርጫ ዚካፈልን ነቲ ፓትርያርክ ምስ ተመርጸ ዚሸይምን ኣካል እዩ። ከምኡውን እቲ ፓትርያርክ ኤጲስቆጶሳት ኪሸይም ከሎ ብወሳንነት ዚካፈል እዩ

መ.ቅዱስ ሲኖዶስ ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን እምነት እናሓለወ: ምስ ካልኦት ኣብያተ ክርስቲያን ዚግበር ርክባት ይውስን።

ሠ. ቅዱስ ሲኖዶስ ካብ ኣባላቱ ጳጳሳት ይኹኑ ኤጲስቆጶሳት ንዋና ጸሓፍነት ዚኸውን ብምሥጢር ይመርጽ

## __እንቀጽ 31 ጊዜ ጉባኤ ቅዱስ ሲኖዶስ__

ጊዜ ጉባኤ ቅዱስ ሲኖዶስ

ሀ.ኣብ ነፍስ ወከፍ ሠለስተ ወርኂ ማለት ኣብ ዓመት ኣርባዕተ ጊዜ ይኸውን።

ለ. ቅዱሳ ሲኖዶስ ብዛዕባ ዚአከበሉ ጊዜን ኣገባብ ኣሠራርሕኡን ብዚምልከት

እቲ ሲኖዶስ ባዕሉ ይውስን።

ሐ. ብተወሳኺ ህጹጽ ጉዳያት ምስ ዚጋጥም ብመጸዋዕታ ፓትርያርክ ኣባላት ቅዱስ ሲኖዶስ ጉባኤ የካይዱ።

መ. ካብ ኣባላት ቅዱስ ሲኖዶስ ሠለስተ ርብዒ ብዝተፈልየ ጉዳይ ጉባኤ ንኪግበር ንኣቦ-መንበር ምስ ዚሓቱ ጉባኤ ይካየድ።

## <u>ኣንቀጽ 32 ቀዋሚ ቅዱስ ሲኖዶስ</u>

ቀዋሚ ሲኖዶስ ማለት ካብ ኣባላት ቅዱስ ሲኖዶስ ክልተ በብተራ ንዝተወሰነ ጊዜ ተመዲቦም ዚሠርሑሉ እዩ። ብናይ ቅዱስ ፓትርያርክ ኣቦ-መንበርነት ናይ ቤተ ክርስቲያን ምምሕዳራዊ ጉዳያት ፈጻምን ኣፈጻምን ጉባኤ እዩ። ቀዋሚ ዚብል ቃል ከኣ ነቲ ሥራሕ ደኣ እምበር ነቶም ኣባላት ዚምልከት ኣይኮነን። ምኽንያቱ እቲ ሥራሕ ቀዋሚ ኮይኑ: እቶም ኣባላት ግና ኣብ ሠሠለስተ ወርሒ በብተራ እናተ ተክኡ ስለ ዚሠርሑ እዩ። ናይ ቀዋሚ ሲኖዶስ ኣባላት ብናይ ቅዱስ ሲኖዶስ ኣባላት ተመዲቦም በብተራኦም ክም ዚሠርሑ ይኹውን። ናይ ቀዋሚ ሲኖዶስ ጸሓፊ ናይ ቅዱስ ሲኖዶስ ዋና ጸሓፊ እዩ።

## <u>ኣንቀጽ 33 ናይ ቅዱስ ሲኖዶስ ዋና ጸሓፊ</u>

ናይ ቅዱስ ሲኖዶስ ዋና ጸሓፊ:- ብመንፈሳዊነቱን ናይ ምምሕዳር ክእለቱን ልምዱ ሥርሑን ተመዚዙ: ካብ ማእከል ጳጳሳት ኣባላት ሲኖዶስ ተመሪጹ ይሽየም። ቤት ጽሕፈት ቅዱስ ሲኖዶስ በቲ ዋና ጸሓፊ ሲኖዶስ ይምራሕ። እቲ ዋና ጸሓፊ ተሓታትነቱ ንቅዱስ ሲኖዶስ እዩ።

## <u>ኣንቀጽ 34 ናይ ሲኖዶስ ዋና ጸሓፊ ተግባርን ሥልጣንን</u>

ሀ. ናይ ሲኖዶስ ዋና ጸሓፊ ምስቲ ፓትርያርክን ቀዋሚ ኣባላት ሲኖዶስን እናዘተየ ናብ ቅዱስ ሲኖዶስ ዚቐርቡ ኣርእስተ ጉዳያት /ኣጀንዳ/ ኣዳልዩ የቕርብ።

ለ. ኣብ ጉባኤ ሲኖዶስ እናተረኽበ ቃለ ጉባኤ ይሕዝ።

ሐ. ብቅዱስ ሲኖዶስ ዚወሃብ ትእዛዝ ናብ ቤት ጽሕፈት መንበረ ፓትርያርክ የመሓላልፍ ብዛዕባ ኣፈጻጽምኡ ከኣ ይቆጻጸር።

መ. በብግዚኡ ብቅዱስ ሲኖዶስ ረጊኡ ዚመሓላለፍ ውሳኔ ኣብ ተግባር እንተ ዘይወዓለ ንቅዱስ ሲኖዶስ የቕርብ። ሲኖዶስ ከኣ ጉቡእ ስጉምቲ ይወስድ።

ሠ. ንቕዱስ ሲኖዶስ ዚምልከት ዝኾነ ይኹን ጉዳይ ብሲኖዶስ ከይተወሰነ ኬመሓላልፍ ኣይክእልን: እንተ ኣመሓላሊፉ ከኣ ሕጋዊ ኮይኑ ኣይጸንዕን።

ረ.ፍሉይ ጉባኤ ኪግበር እንተ ተደልየ: ምስ ፓትርያርክን ናይ ቅዱስ ሲኖዶስ ቀወምቲ ኣባላትን ብምምኽኻር ነቶም ኣባላት ቅዱስ ሲኖዶስ ብጽሑፍ ከም ዚጽውዑ ይገብር።

ሰ. ኣብ መንበረ ፓትርያርክ ሓደ ፍሉይ ቤት ጽሕፈት ይህልዎ።

ቀ. ናይ ሲኖዶስ ማኅተምን ሰነዳትን ተረኪቡ ብጥንቃቐ ይሕዝ።

**<u>እንቀጽ 35 ናይ ቅዱስ ሲኖዶስ ምክትል ዋና ጸሓፊ</u>**

ቅዱስ ሲኖዶስ ብመንፈሳውነቱን ክእለቱን ኣሚኑሉ ዝመረጾ መዓርገ-ክህነት ዘለዎ ካብ ደገ ምክትል ዋና ጸሓፊ ይህልዎ።

**<u>እንቀጽ 36 ናይ ምክትል ዋና ጸሓፊ መዝን ተግባር</u>**

ሀ. ዋና ጸሓፊ ኣብ ዚህልወሉ ጊዜ ሓጋዚ ኮይኑ: ዋና ጸሓፊ ኣብ ዘይሃለወሉ ጊዜ ድማ ንእኡ ተኪኡ ይሠርሕ። እንተኾነ ተኪኡ ኣብ ዚሠርሓሉ ቃል-ጉባኤ ደእ ይሕዝ እምበር ድምጺ ኣይህልዎን።

ለ. ምክትል ዋና ጸሓፊ ተሓታትነቱ ንዋና ጸሓፊ እዩ።

## <u>ክፍሊ ክልተ</u>

**<u>እንቀጽ 37 ቤት ጽሕፈት መንበረ ፓትርያርክ</u>**

ቤት ጽሕፈት መንበረ ፓትርያርክ: ብፓትርያርክ ዚምራሕ ምምሕዳር ጠቕላላ መሪሕነት ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን እዩ። እዚ ድማ ካብ ነፍሰ ወከፍ ሃገረ ስብከት ዝተዋህበ ውሳኔ ብቐጥታ ብፓትርያርክ ብዚምራሕ

ምምሕዳር የፈጽምን ይፍጽምን። ኣብ ትሕቲኡ ንዝርከባ ምምሕዳራውን ቍጽጽራውን ወ.ዘ.ተ. ክፍልታት ድማ ላዕለዋይ ኣካል ኮይኑ የመሓድርን ይቆጻጸርን። ነተን ክፍልታት ዘበቕዑ ሰባት መሪጹ ናብ ሲኖዶስ ብምቕራብ የርግእ።

## ክፍልታት

## ኣንቀጽ 38 ቤት ጽሕፈት መንበረ ፓትርያርክ እዞም ዝስዕቡ ክፍልታት ኣለውዎ

ሀ. ክፍሊ መንፈሳዊ ትምህርቲ

ለ. ክፍሊ ስብከተ ወንጌል

ሐ. ክፍሊ ኣገልግሎት ካህናት

መ. ክፍሊ ቤት ትምህርቲ ሰንበት

ሠ. ክፍሊ ልምዓትን ዕቤትን

ረ. ክፍሊ ረድኤትን ድኹማትን ጽጉማትን

ሰ. ክፍሊ ገንዘብ

ሸ. ክፍሊ ሒሳብ

ቀ. ክፍሊ ንብረትን ታሪኻዊ ቅርሳ ቅርስን /መዘክርን/

በ. ክፍሊ ሕግን ሥነ-ሥርዓትን

ተ. ክፍሊ ቍጽጽር

ቸ. ክፍሊ ርክባት ወፃኢ

ኀ. ክፍሊ ምምሕዳር ገዳማት

ነ. ክፍሊ ጥሮታ

1. እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተዘርዘሩ ናይ ሥራሕ ክፍልታት ኣድለይቲ ምዃኖም ስለ ዝተኣምነሎም፥ ኃይሊ ሰብ ኣብ ዚውሕደሉን ምምላእ ኣብ ዘይተኻእለሉን፥ነናይ ክፍሉ ሥራሕ ዓይነትን ጠባይን ከም ዘለዎ ኮይኑ ተመሳ

ሳሊ ዝኾነን ዘይጋጮን ክፍልታት ክልተ ወይሠለስተ ብሓባር ብምድራብ ብሓደ ሓደ ናይ ሥራሕ ኃለፍቲ ኪሥራሕ ይከኣል እዩ።ክምኡውን ንነፍስ ወከፍ ክፍሊ ሥራሕ ኣፈጻጽማ ብምጥቃም ንኡስ ኮሚቴ ኣቝሙ ኪሠርሕ ይኽእል እዩ።

2. ንዝተዘርዘሩ ክፍልታት ዘድልዩ ኃለፍቲ ብግብረ ገብነቶምን ክእለቶምን ብናይ ሥራሕ ልምዶም ዝተመስከረሎም ኮይኖም ብተወሳኺ ከም ናይቲ ክፍሊ ዓይነት ሥራሕ ክእለቶም እናተራእየ ብቐዋሚ ኣገልግሎት ከም ዚምደቡ ይግበር።

## ኣንቀጽ 39 ክፍሊ ስብከተ ወንጌል

1. ብቅዱስ ሲኖዶስ ዚወፅእ ሕግን መምርሕን እናተኸታተለ ክፍሊ ስብከተ ወንጌል ነዚ ተዘርዚሩ ዘሎ ተግባር ይፍጽም

ሀ. ምስ ክፍሊ ትምህርቲ ብምትሕብባር ሰባኪያን የሠልጥን።

ለ.ኣብ ነፍስ ወከፍ ሃገረ ስብከት ክፍሊ ስብከተ ወንጌል ከምዚቐውም ይገብር።

ሐ. ካብ ናይ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን እምነትን ሥርዓትን ወፃኢ ዝኾነ ስብከት ከይዝርጋሕ ምቁጽጻር ይገብር።

መ. ንትምህርትን ስብከትን ዘበራትዕ ሥነ-ጽሑፍ የዳሉ:ብጉባኤ ሊቃውንቲ ተጸኒዑ ብቅዱስ ሲኖዶስ ምስ ተፈቕደ ይዝርግሕ

## ኣንቀጽ 40 ክፍሊ መንፈሳዊ ትምህርቲ።

ቅዱስ ሲኖዶስ ዚህቦ መምርሒ እናተኸተለ ነዚ ዚስዕብ ተግባር ይፍጽም።

ሀ. ብሃገር ደረጃ መንፈሳዊ ትምህርቲ /ኮሌጅ/ ከም ዚቐውም ይገብር።

ለ. ኣብዚ ትምህርቲ

1. ናይ ንባብን ጽሕፈትን

2. ናይ ቅዳሴ

3. ናይ ጸዋትወ ዜማ

4. ናይ ቅኔ ትምህርቲ

5. ትርጓሜ መጻሕፍቲ/ ትምህርቲ ሃይማኖት/

6. ናይ ኢደ-ጥበባትን ተግባረ-እድን ትምህርቲ ከም ዚወሃብ ይገብር።

ሐ. ኣብ ነፍስ ወከፍ ሃገረ ስብከት መንፈሳዊ ቤት ትምህርቲ ከም ዚቘውም ይገብር።

መ. ንመምሃሪ ዚኸኑ መጻሕፍቲ የዳሉ ነቲ ዝተዳለወ ብጉባኤ ሊቃውንቲ ተጸኒዑ ብቅዱስ ሲኖዶስ ምስ ተፈቕደ ይዝርግሕ

ሠ. ናይ ትምህርቲ ትሕዝቶን ኣመራርሓን ቊጽጽር ይገብር።

## ኣንቀጽ 41 ክፍሊ ኣገልግሎት ካህናት

ቅዱስ ሲኖዶስ ዚህቦ መምርሒ እናተኸተለ ነዚ ዚስዕብ ተግባራት ይፍጽም።

ሀ. ካህናት ናይ ንስሓ ደቆም ከመይ ገይሮም ናብ ንስሓ ከም ዜብጽሕዎምን ከም ዚመኽርዎምን ብመሠረት እንቀጽ 40 ምስ ክፍሊ ትምህርቲ ብምት ሕብባር ከም ዚሠልጥኑ ይገብር።

ለ.ኣፈጻጽማ ሥርዓት ቤተ ክርስቲያን ዝተፈላለየ መንፈሳዊ ኣገልግሎት ንምእ መናን ብትኽክል ይወሃብ ምህላዉ ይቆጻጸር።

## እንቶጽ 42 ክፍሊ ትምህርቲ ሰንበት

ንቤት ትምህርቲ ሰንበት ዚምልከት ብቅዱስ ሲኖዶስ ዚወፅእ ሕግን መምርሕን እናተኸታተለ ክፍሊ ቤት ትምህርቲ ሰንበት ነዚ ተዘርዚሩ ዘሎ ተግባር ይፍጽም።

ሀ. ኣብ ነፍስ ወከፍ ሃገረ ስብከት ዘለዋ ክልል ኣብያተ ክርስቲያን ቤት ትምህርቲ ሰንበት ከም ዚቘውም ይገብር።

ለ. ሕፃናት መንእሰያት ደቂ ቤተ ክርስቲያን ብትምህርቲ ሃይማኖትን ሥነ-ሥርዓትን ተኹስኪሶም ንኺዓብዩ ዜኽእሎም ምስ ክፍሊ ትምህርቲ ብምት ሕብባር

1. ሥርዓተ ትምህርቲ ሃይማኖት ይሕንጽጽ

2. መንፈሳዊ ትንዘቶ ዘለዎም መጻሕፍቲ የዳሉ ነቲ ዝተዳለወ ብጉባኤ ሊቃ

ውንቲ ተጸኒዑ ብቅዱስ ሲኖዶስ ምስ ተፈቕደ ይዝርግሕ።

3. ምስ ክፍሊ ትምህርትን ክፍሊ ሰብከትን ብምትሕብባር ብቕዓት መምህራን ቤት ትምህርቲ ሰንበት የመልምል

4.መንእሰያት ካብ ናይ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን እምነትን ሥርዓትን ከይወፁ ምቁጽጻር ይገብር።

5.ንመንእሰያት ዚኸውን ቤት ንባባትን ኣደራሻትን ኪዳለዉን ኪሥርሑን ኣድላዪ ጻዕሪ ይገብር።

## ኣንቀጽ 43 ክፍሊ ልምዓትን ዕቤትን

ሀ. ሓዊርን ነዊሕን ጊዜ ትልሚ ብምድላው ንዝተፈላለየ ኣቕሑ ናይ ሥራሕ ትልምታት ናይ ገንዘብ ናይ ኣቕሑ ናይ ክእለትን ጉልበትን ካብ ዝተፈላለዩ ማኅበራትን ትካላትን ሓገዝ የሓትት።

ለ. ኣብ ዕዳጋ ዚቐርቡ ናይ ቅርስታትን ናይ ተግባረ-እድን ሥራሕ ኣብ ነፍስ ወከፍ ሃገረ ስብከት ክም ዚቘውም ይገብር።

ሐ. ቤተ ክርስቲያን ኣብ ልምዓትን ምትካል እግርን ዚካየድ ሓፈሻዊ ጻዕሪ ንጡፍ ግደ ክም ዚህልዋ ይገብር።

መ. ኣብ ምዕባለ ትምህርትን ቍጠባን ሃገራዊ መንፈሳዊ ባህልን ሥርዓትን ዚምልከት ሰፊሕ ብሔራዊ ተሳትፎ ክም ዚህልዋ ይገብር።

## ኣንቀጽ 44 ክፍሊ ረድኤት ድኹማትን ጽጉማትን

ሀ. ንድኹማትን ጽጉማትን ብዚምልከት ንመንግሥታዊ ክፍሊ እናተሓሳሰበ ምትሕብባር ይገብር።

ለ. ከምኡውን እቶም ጽጉማትን ድኹማትን መንፈሳውን ሥጋውን ናብራኦም ዝተማልአ ምእንቲ ኪኸውን ትምህርቲ ክም ዚወሃቦም ይገብር።

## እንቀጽ 45 ክፍሊ ሒሳብን ገንዘብን

ሀ. ኣብዚ ሕጊዚ ኣብ ኣንቀጽ 97_99 ብዚእዝዞ መሠረት ገንዘብ ቤተ ክርስቲያን ብማእከልነት ክም ዚሕሎ ይገብር።

ለ.ንኣተኣኻኽባን ኣተኣታትዋን ኣወፃፅኣን ገንዘብ ብዚምልከት መምርሕን ናይ ገንዘብ ሰነዳትን የውፅእ። ብቅዱስ ሲኖዶስ ምስ ጸደቐ ድማ ናብ ነፍስ ወከፍ ሃገረ ስብከት ክም ዚመሓላለፍ ይገብር።

ሐ. ናይ ሒሳብ መዛግብቲ ብዝተማልአ ኩነታት ናይ ኣታውን ወፃእን ብሕጋዊ ክም ዚተሓዝን ክም ዚሠርሕን ንምግባር ትእዛዛትን መምርሒታትን የመሓላልፍን ይቆጻጸርን።

## <u>**እንቀጽ 46 ክፍሊ ንብረትን ታሪኻዊ ቕርስን መዘክርን**</u>

ሀ. ካብ ታቦተ ሕጉ ጀሚሩ ናይ ኣብያተ ክርስቲያን ንዋየ ቅድሳትን ኣልባሰን መጻሕፍትን ዝተፈላለዩ ቅርስታትን ብግቡእ ተደብቲሩ ኪሕሎ ክም ዘለዎ ናብ ነፍስ ወከፍ ሃገረ ስብከት መምርሒ የመሓላልፍ።

ለ. ዝኾነ ይኹን ዚንቀሳቐስን ዘይንቀሳቐስን ሃብትን ንብረትን ናይ ኣብያተ ጽሕፈትን ኣብያተ ክርስቲያንን ክም ዚተሓዙ ኪግበር መምርሒ የመሓ ላልፍ።

ሐ. ታሪኻዊ ቅርስታት ተደብቲሮም ጉድኣት ከይበጽሖም ካብ ትውልዲ ናብ ትውልዲ ምእንቲ ኪመሓላለፉ ብግቡእ ኪዕቀቡ መምርሒ የመሓላልፍ።

መ. ብስም ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ብሃገር ደረጃ መዘክር (ሙዝየም) ክም ዚቐውም ይገብር።

## <u>**እንቀጽ 47 ክፍሊ ቍጽጽር**</u>

ሀ. ንገንዘብን ንብረትን ብሓፈሻኡ ንዚንቀሳቐስን ዘይንቀሳቐስን ንብረት ቤተ ክርስቲያን ብዚምልከት ዝተመሓላለፈ መምርሒ ኣውጺኡ ብቅዱስ ሲኖዶስ ምስ ጸደቐ ናብ ነፍስ ወከፍ ሃገረ ስብከት የመሓላልፍ ነቲ ዝተመሓላለፈ መምርሒ ድማ ኣብ ተግባር ምውዓሉ ይቈጻጸር።

ለ. ንኣተኣኻኽባን ኣተኣታትዋን ኣወፃፅኣን ገንዘብን ንብረትን ምቍጽጻርን ንነፍስ ወከፍ ሃገረ ስብከት ይቈጻጸር።

**<u>ዓንቀጽ 48 ክፍሊ ሕግን ሥነ-ሥርዓትን</u>**

ሀ. ንካህናትን ምእመናንን መንፈሳዊ መሰሎምን ግዴታእምን ኪፈልጡን ኪርድኡን ምእንቲ ኪኽእሉ ብቅዱስ ሲኖዶስ ተመሓይሹን ተወሲኖን ዝወፀ ሕግን ሥነ-ሥርዓትን ዝተፈላለየ መምርሒታትን ውሳኔታትን ናብ ነፍስ ወከፍ ሃገረ ስብከት የመሓላልፍ።

ለ. ካብ ነፍስ ወከፍ ሃገረ ስብከት ብይግባይ ዝቐረቡ ጉዳያት ብመሠረት መቕጽዒ ሕጊ ርእዩ ናብ ቀዋሚ ቅዱስ ሲኖዶስ የመሓላልፍ።

ሐ. ብይግባይ ተራእዮም ዝተወሰኑ ንኣፈጻጽማ ነናብ ዚምልከቶ ሃገረ ስብከት ተላኢኾም ንኺፍጸሙ የመሓላልፍ።

መ. ኣብ መንበረ ፓትርያርክ ሓደ መንፈሳዊ ፍርዳዊ ኣካል ይህሉ።

**<u>ዓንቀጽ 49 ክፍሊ ርክባት ወፃኢ</u>**

ክፍሊ ርክባት ወፃኢ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኣብ ኣንቀጽ 38 ከም ዝተገልጸ ኣብ ትሕቲ መንበረ ፓትርያርክ ኮይኑ ቅዱስ ሲኖዶስ ዚህቦ መምርሒ ብምኽታል ንወፃኢ ዚምልከት ጉዳይ ሥርሑ ይፍጽም።

**<u>ዓንቀጽ 50 ክፍሊ ምምሕዳር ገዳማት</u>**

ገዳማት ኤርትራ ብሥርዓተ ጳኩሚስን ብናይ ሥምረት ሓድነት ገዳማት ሕግን ይመሓደራ። ብቅዱስ ሲኖዶስ ዝተመዘዘ ጳጳስ ወይ ቆሞስ ድማ ይእለያ።

**<u>ዓንቀጽ 51 ክፍሊ ጥሮታ</u>**

ቡቲ ብኒዝያዊ ሲኖዶስ ዕለት 24ሓምለ 1984 ዓ.ም. ብዝወፀ ሕጊ ጥሮታ መሠረት ሥርሑ ይፍጽምን የፈጽምን።

**<u>ዓንቀጽ 52 ክፍሊ ጠቕላሊ ቍጽጽር</u>**

ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ቤተ ክርስቲያን ተጸዋዕነቱ ንቅዱስ ሲኖዶስ ዝኾነ ላዕለዋይ ጠቅላሊ ተቈጻጻሪ ክፍሊ ተቘውም። ናይዚ ክፍልዚ በዓል መዚ ብቅዱስ ሲኖዶስ ይምዘዝ። ዘድልይዎ ብቑዓት ሠራሕተኛታት ድማ ብቤት

ጽሕፈት መንበረ ፓትርያርክ ይምደበሉ። ጠቅላሊ ክፍሊ ቍጽጽር እዚ ዚስዕብ መዝነትን ተግባርን ይህልዎ። ካብ ቤት ጽሕፈት መንበረ ፓትርያርክ ጀሚሩ ክሳዕ ሰበኻ ጉባኤ ንዘሎ ሃብቲ ቤተ ክርስቲያን

ሀ. ገንዘብ ብዚምልከት

ለ. ንብረት ብዚምልከት

ሐ. ኣፈጻጽማ ሥራሕ ብዚምልከት ከምኡውን ቤተ ክርስቲያን ዝገበረቶ ግስጋሴን ክትገብሮ ዚግብኣ ዘይገበረቶን ዘጕደለቶን ማለት ሓፈሻዊ ምንቅስቓስ ሥራሕ ብዚምልከት ኪቆጻጸር ሥልጣንን ሓላፍነትን ስለ ዘለዎ ኣብ 3 ወርሓን ኣብ 6 ወርሓን ኣብ ዓመትን ጸብጻብ ንጉባኤ ቅዱስ ሲኖዶስ ኬቕርብ ይግደድ። አድላዪ ኮይኑ እንተ ተረኺበ መንበረ ፓትርያርክ ካልኦት ክፍልታት ኪምሥርት ይኽእል። ኣብ መንበረ ጵጵስና ንኡስ ሃገረ ስብከት ኮነ ሰበኻ ቤተ ክርስቲያን ካብዘን ዝተጠቕሳ አድላዪ ዝኾና ክፍልታት ኪምሥረታ ይኽእላ።

## <u>አንቀጽ 53 ናይ መንበረ ፓትርያርክ ሓፈሻዊ መንፈሳዊ ጉባኤ</u>

ናይ መንበረ ፓትርያርክ ሓፈሻዊ መንፈሳዊ ጉባኤ እዞም ዚስዕቡ እዮም።

1. ኣባላት ቅዱስ ሲኖዶስ፥ናይ ገዳማት ኣበምኔታት፥ ካብ ነፍስ ወከፍ ሃገረ ስብከት ዝተወከሉ ሓሓደ ካህን፡ሓሓደ ምእመን፥ ሓሓደ ናይ ቤት ትምህርቲ ሰንበት ተወከልትን፥ብናይ መንበረ ፓትርያርክ ናይ ሥራሕ ክፍልታት ሓለፍትን ይምሥረት፥
2. ናይ መንበረ ፓትርያርክ ናይ ክፍሊ ኃለፍቲ ናይቲ ሓፈሻዊ መንፈሳዊ ጉባኤ ኣባላት ኮይኖም ጸብጻብ ሥርሖም የቕርቡ።
3. እቲ ፓትርያርክ ናይቲ ሓፈሻዊ መንፈሳዊ ጉባኤ ኣቦ መንበር እዩ።
4. ፓትርያርክ ኣብ ዘይህልወሉ ጊዜ ካብ ቅዱስ ሲኖዶስ ኣባላት ንፓትርያርክ ዚውክል ጳጳስ ናይቲ ጉባኤ ኣቦ መንበር ይኸውን፡
5. ናይ መንበረ ፓትርያርክ ዋና ጸሓፊ ናይቲ ሓፈሻዊ መንፈሳዊ ጉባኤ

ጸሓፊ ይኸውን

6. ናይ መንበረ ፓትርያርክ ሓፈሻዊ መንፈሳዊ ሰበኻ ጉባኤ ኣብ ዓመት ክልተ/2/ ጊዜ ይጋባእ።

## ዓንቀጽ 54 ናይ መንበረ ፓትርያርክ ሓፈሻዊ መንፈሳዊ ጉባኤ መዝነትን ተግባርን

እዞም ዝተዘርዘሩ ዕላማን ተግባርን እናፈጸመን እናኣፈጸመን ብተወሳኺ ናይ መንበረ ፓትርያርክ ሓፈሻዊ መንፈሳዊ ጉባኤ እዚ ዚስዕብ መዝነትን ተግባርን ይህልዎ

1.ናይ ሰበኻ መንፈሳውያን ጉባኤታት ሕግን ሥርዓትን ክም እድላይነቱ እናመኸረ ክም ዚመሓየሽ ይገብር:ናይ ሰበኻ ምምሕዳርን ናይ ሥራሕ ኣመራርሓን ዘድሊ ሓፈሻዊ መምርሒ የውፅእ: ኣብ ተግባር ክም ዝውዓለ ድማ ምቁጽጻር ይገብር:

2. ብዛዕባ ምምሕዳር ኣገልገልቲ ቤተ ክርስቲያን: ብዛዕባ ጉዳይ ሕግን ሥነ-ሥርዓትን ብመሠረት ናይ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ሕግን ሥርዓትን መምርሒ የውፅእ።

3.በብጊዚኡ ካብ ቅዱስ ሲኖዶስ ንዚወፁ መንፈሳዊ ሕግታትን መግለጺታትን ነፍስ ወከፍ ሰበኻ ምምሕዳር ቤት ጽሕፈት ክም ዚርድእዎን ክም ዚፍጽሞን ይገብር:

4. ካብ ነፍስ ወከፍ ሃገረ ስብከት ዝቐረቡ ሓፈሻዊ መግለጺታት ምስ ሰምዐ እቐዲሙ ነቶም ዝተዳለዉ ናይ መዘራረቢ ኦርእስቲ መሠረት ብምግባር ሓደ ብሓደ ብዛዕባ እቲ ጉዳይ ሓሳብ ተዋሃሂቡን ተመኻኺሩን ይውስን:

5 ናይ ቤተ ክርስቲያን ኣገልግሎት ንምምዕባል ላዕለዋይ ናይ መንፈሳዊ ኣብያተ ትምህርቲ ዝተማልኡን ናይ ወንጌል ልኡኻትን ትካላትን ናይ ልምዓት:ናይ ግብረ ሠናይ ትካላትን: ብደረጃ ሃገር ክም ዚቖሙን ክም ዚሰፍሑን ይገብር:

6. ካብ መንበረ ፓትርያርክ ዝቐረቡ ዝተፈላለዩ ሃገራዊ ናይ ሥራሕ እማማ
   ታት እናመርመረ ምስ ተሰማምዓሉ ብምልኡ ኮነ ብኸፊል ክም ዚፍቀድ
   ይገብር

7. ነቲ ዝተፈቕደ ናይ ሥራሕ እማሚታት ዘድሊ ገንዘብ ክፍሊት መጠን
   ይውስን: ከም ዝተኣከበን ኣብ መዓላ ከም ዝወዓለን ድማ የረጋግጽ:

8. ካብ ነፍስ ወከፍ ክልል ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያ
   ሓፈሻዊ ምምሕዳርን ንዝተፈላለየ ኣገልግሎት ዚኸፈል ናይ ገንዘብ ክፍ
   ሊት ብጊዚኡ ኣታዊ ክም ዝኾነ ይቆጻጸር።

9. ክሳብ 30 ሕዳር ካብ ነፍስ ወከፍ ሃገረ ስብከት በብጊዚኡ ዚለኣኽ ዓመ
   ናይ ገንዘብ መደብ /በጀ ት/ተጸኒዑን ተጻርዩን ምስ ቀረበ ብቤት ጽሕ
   መንበረ ፓትርያርክ ብዚወፅእ መምርሒ መሠረት ትኽክል ምኻኑ
   ኣረጋጊጹ ቅድሚ 30 ታሕሳስ ናብቲ ለኣኸይ ሃገረ ስብከት ክም ዚምለ
   ይገብር።

10. ናብ መንበረ ፓትርያርክ ሓፈሻዊ ምሕዳርን ንዝተፈላለየ ኣገልግሎትን
    ዘድሊ ዓመታዊ ናይ ገንዘብ መደብ /በጀት/ ይምድብ: ይፈቅድ: ኣብ
    መዓላ ከም ዝወዓለ ድማ ይቈጻጸር።

11. ናይ ሰበኻ መንፈሳውያን ጉባኤታት ገንዘብን ንብረትን ብሒሳብ መዚ
    ክም ዚምርመር ይገብር።

12. ካብ ነፍስ ወከፍ ሰበኻ መንፈሳውያን ጉባኤታት ንዚእከብ ናይ ገንዘብ
    ክፍሊትን ንብረትን ሓላፊ ዚኾውን መጋቤ-ሃብታት ናይ ሒሳብ ተቖ
    ራይን መሪጹ ይምድብ።

# ክፍሊ ሠለስተ

## ሃገረ ስብከት

### አንቀጽ 55 መንበረ ጵጵስና

ቤት ጽሕፈት ሃገረ ስብከት ብጳጳስ ዚምራሕ መሪሕነ ት ሃገረ ስብከት እርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን እዩ።

### አንቀጽ 56 ናይ መንበረ ጵጵስና /ሃገረ ስብከት/ መዝነትን ተግባርን

1.ናይ መንበረ ጵጵስና ሃገረ ስብከት ቤት ጽሕፈት ናይቲ ክፍሊ ቤተ ክህነት ላዕለዋይ ቤት ጽሕፈት ስለ ዝኾነ

ሀ. ቅዋም ቤተ ክርስቲያን ዚሕግጎ ኩሉ ናይ ምፍጻም መዝነትን ኃላፍነትን አለዎ።

ለ. በዚ ቅዋም ቤተ ክርስቲያን እዚ ኣብ ውሽጢ ሃገረ ስብከት ናይ ሰበኻ መንፈሳውያን ጉባኤታት በብደረጅእም ከም ዚቕሙ ይገብር።

ሐ. ናይዚ ቅዋም ቤተ ክርስቲያን ዕላማን ሕግታትን ኣብ ውሽጢ እቲ ሃገረ ስብከት ንዚርከቡ ናይ መንበረ ጵጵስና ሃገረ ስብከት ቤት ጽሕፈት ኣገልገልቲ መግለጺ ይሀብ: ከምኡውን ኣብቲ ሰበኻ ንዚርከቡ ካህናትን ምእመናንን በብጊዚኡ እናተዘዋወረ መብርሀን መረዳእታን ይገብር።

2. ናይቲ ሃገረ ስብከት ጳጳስ ናይቲ ሓፈሻዊ መንፈሳዊ ጉባኤ ኣቦ መንበርን ናይቲ ሃገረ ስብከት ናይ ቤተ ክህነት ምምሕዳር ላዕለዋይ ሓላፍን ስለ ዝኾነ

ሀ. ኣብዚ አንቀጽ ንኡስ አንቀጽ 1 ንዝተመልከተ ጉዳይ ላዕለዋይ ተቖጻጻሪ ብምኻን እናተኸታተለ ከም ዚፍጸም ይገብር

ለ. ሓፈሻዊ መንፈሳዊ ጉባኤ ብዝሃቦ ውሳኔን መምርሕን መሠረት ዝኾነ ይኹን ናይ መንፈሳውያን ጉባኤታት ጉዳይ ንምፍጻም ንዚምልከቶ ይእዝዝ ነቲ ሥራሕ ከአ ላዕለዋይ ሓላፊ ኮይኑ ይፍጽም።እናተቈጻጸረ ከአ

ክም ዚፍጸም ይገብር።

ሐ. ንመራሕቲ ሰበኻ መንፈሳውያን ጉባኤታት ብብጊዚኡ መንፈሳዊ ምኽርን መምርሕን ቡራኬን ይሀብ፡ ከምኡውን የበራትዕ ንማኅበረ ምእመናን ድማ እናተዘዋወረ ኣድኅቦ ናይ መንፈሳዊ ምኽርን /ፍናን/ሓገዝን ክም ዚረኽቡ ይገብር።

መ. ኣብ ውሽጢ ክልል ሃገረ ስብከት ብመጀመርታ ደረጃን ብይግባይ ዝቐረበ ናይ ሕግን ሥነ-ሥርዓትን ጉዳይ ኣብቲ ሃገረ ስብከት ክም ዚውዳእ ይገ ብር፡ እንተኾነ ብይግባይ ንዓዕለዋይ ኣካል ምትሕልላፍ ሕጋዊ ኮይኑ እንተ ተረኺቡ፡ ነቲ ጉዳይ እናጽንዐ ክም ኩነታቱን ክም ናይቲ ነገሩ ዓይነት ክብደትን እናተራእየ ናብ መንበረ ፓትርያርክ ቤት ጽሕፈት ወይ ድማ ናብ ቅዱስ ሲኖዶስ ክም ዚቐርብ ይገብር።

## ዓንቀጽ 57 ናይ መንበረ ጵጵስና /ሃገረ ስብከት/ ሓፈሻዊ መንፈሳዊ ሰበኻ ጉባኤ ኣመሠራርታን ትካልን።

1. ኣብ ውሽጢ ሃገረ ስብከት ዚርከቡ ብንኡስ ሃገረ ስብከት ሰበኻ መንፈሳዊ ምምሕዳር ጉባኤ ዝተመርጸ፡ካብ ካህናት ሓደ፡ካብ ምእመናን ሓደ፡ካብ ቤት ትምህርቲ ሰንበት ሓደ ምስ ናይ ንኡስ ሃገረ ስብከት ቤተ ክህነት መራሕ ሥራሕ 4 (ኣርባዕተ) ልኡኻት ኮይኖም ካብ ነፍስ ወከፍ ንኡስ ሃገረ ስብከት ተሓርዮም ኣብ ትሕቲ መንበረ ጵጵስና ሃገረ ስብከት ብሓባር ሓፈሻዊ ጉባኤ ይምሥርቱ።
2. በዚ ኣመሠራርታ እዚ ዝተመሥረተ ናይ መንበረ ጵጵስና ሃገረ ስብከት መንፈሳዊ ጉባኤኣብ ዓመት ክልተ ጊዜ ይጋባእ
3. ብሓፈሻዊ ጉባኤ ተመሪጸም ብናይቲ ሃገረ ስብከት ጳጳስ ዚረግእጦም ካብ ክልተ (2) ዘይውሕዱ ካብ ኣርባዕተ (4) ዘይበዝሑ ኣብ ሠለስተ ዓመት ዚልወጡ ናይ ምምሕዳር ኣባላት ይሀልውዎ።
4. ናይቲ ሃገረ ስብከት ጳጳስ ናይቲ ጉባኤ ኣቦ መንበር እዩ

5. ጳጳስ ኣብ ዘይህልወሉ ጊዜ ናይቲ ሃገረ ስብከት ዋና ጸሓፊ ኣቦ መንበር ኮይኑ ይመርሕ

6. አቶም ናይ ምምሕዳር ኣባላት ናይቲ ጉባዔ ኣባላት ይኾኑ: ብተወሳኺ ናይቲ ሃገረ ስብከት ቤት ጽሕፈት ናይ ክፍሊ ሓለፍቲ ናይቲ ጉባኤ ኣባላት ኮይኖም ይሳተፉ: ጸብጻብ ሥርሖም ድማ የቕርቡ።

7. እቲ ናይቲ ሃገረ ስብከት ዋና ጸሓፊ ናይቲ ሓፈሻዊ መንፈሳዊ ጉባኤ እቦ መንበር ኮይኑ ኣብ ዚመርሓሉ ጊዜ ካብቲ ሓፈሻዊ ጉባኤ ሓደ ዋና ጸሓፊ ዚኸውን ይምደብ።

## <u>ዓንቀጽ 58 ናይ መንበረ ጵጵስና ሓፈሻዊ መንፈሳዊ ጉባኤ መዝነትን ተግባርን:</u>

ኣብዚ ሕጊዚ ዝተመልከተ ዕላማን ተግባርን እናፈጸመን እናኣፈጸመን ብተወሳኺ ናይ መንበረ ጵጵስና ሓፈሻዊ መንፈሳዊ ጉባኤ እዚ ዚስዕብ መዝነትን ተግባርን ይህልዎ።

1. ካብ ቅዱስ ሲኖዶስ ተወሲኑን ተፈቒዱን ካብ መንበረ ፓትርያርክ ሓፈሻዊ ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ ዝተመሓላለፈ ሕግን መምርሕን መሠረት ናይዚ ሕጊእዚ መሠረታዊ ሓሳብ ከይለቐቐ ንመንበረ ጵጵስና ሃገረ ስብከት መንፈሳዊ ጉባኤ ውሽጣዊ ናይ ሥራሕ መምርሕን መመሓደሪኡን ከውፅእ ይኽእል ብሓፈሻኡ ናይ ሃገረ ስብከት ምምሕዳር ሃብትን ንብረትን ኣገልግሎትን ንምስፍሕፋሕ ብምትሕብባር ምቍጽጻር ይገብር:
2. ብመንበረ ጵጵስና ሃገረ ስብከት መንፈሳዊ ምምሕዳር ጉባኤ ተዳልዩ ዝቐረበ ናይ ንኡስ ሃገረ ስብከት ብሓፈሻኡ ናይቲ ክልል ሃገረ ስብከት ናይ ዝሓለፈ ናይ ሥራሕ ኣፈጻጽማ ናይ ገንዘብን ንብረትን መግለጺ ብምሃብ እናመርመረ በቲ ናይቲ መዘራረቢ ኣርእስቲ መሠረት ብናይ ነፍስ ወከፍ ጉዳያት ውሳኔ የመሓላልፍ:

3.ናይ እርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ሥራሕ ምንቕስቓስ ንምብርታዕ

ንመንፈሳዊ ኣብያተ ትምህርትን ናይ ወንጌል መልእኽቲ ሰበኽትን ናይ ሰበኻ መንፈሳውያን ጉባኤታትን ናይ ዕቤትን ልምዓትን ትካላት:ናይ ግብረ ሠናይ ማኅበራዊ ኣገልግሎትን ኣብ ውሽጢ ሃገረ ስብከት ተመሥሪቶም ከም ዘስፋሕፍሑ ይገብር:

4. ብቅዱስ ሲኖዶስ ተወሲኑ ብዚወሃብ ካብ መንበረ ፓትርያርክ ሓፈሻዊ ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ ብዚመሓላለፍ መምርሒ መሠረት እቶም ኣብ ውሽጢ ሃገረ ስብከት ዚትከሉ ሓደስቲ ኣብያተ ክርስቲያን ኣብ ዝተወሰነሎም ቦታ ምእንቲ ኪትከሉ ናይ ስምምዕ ውዕል ርእዩን ተመልኪቱን ምስ ተሰማምዓሉ ፍቓድ ይህብ። ነቶም ሓደስቲ ዚምሥረቱ ኣብያተ ክርስቲያን ድማ ርእሶም ምእንቲ ኪኽእሉ ብሃብትን ኣገልግሎትን ከምኡውን ብኻልእ ነገር ዚከኣሎ ሓገዝ ይገብረሎም።

5. ምስ ዚምልከቶም ትካላት ኃላፍቲ እና ተሓባበረ ናይ ግብረ ሠናይ ማኅበራዊ ኣገልግሎት ከም ዚምዕብል ይገብር:

6. ካብ ምምሕዳር ጉባኤ ዝቐረቡ ናይቲ ሃገረ ስብከት ከምኡውን ናይ ነፍስ ወከፍ ንኡስ ሃገረ ስብከት ወይ ወረዳ ዝተፈላለየ ናይ ሓባር ሥራሕ እማመ ታት መርሚሩ ምስ ተሰማምዓሉ ብኽፈል ወይ ብምልኡ ከም ዚፍቀድ ይገብር: ወይ ድማ ከመሓይሽ ይኽእል።

7. ብደረጃ ሃገረ ስብከት ንዚፍጸሙ ናይ ሥራሕ እማመታት ንዝተፈላለየ ኣገልግሎት ዘድሊ ናይ ገንዘብ ክፍሊትን መጠንን ይውስን: ከም ዝተኣከበን ኣብ ተግባር ከም ዝወዓለን ድማ ምቍጽጻር ይገብር:

8. ካብ ነፍስ ወከፍ ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ክልል ሓፈሻዊ ምምሕዳር ንዝተፈላለየ ኣገልግሎት ዚኸፈል ናይ ገንዘብ ክፍሊት ብግዜኡ ኣታዊ ከም ዝኾነ ምቍጽጻር: ይገብር

9. ናይቲ ሃገረ ስብከትን ናይ ነፍስ ወከፍ ንኡስ ሃገረ ስብከት ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤታትን ዓመታዊ ናይ ገንዘብ /በጀት/ መርሚሩ ምስ ተሰማምዓሉ

ክሳብ 30 ኅዳር ናብ መንበረ ፓትርያርክ ሓፈሻዊ መንፈሳዊ ጉባኤ ቤት ጽሕፈት ክም ዚመሓላለፍ ይገብር። ናይ መንበረ ፓትርያርክ ሓፈሻዊ ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ ክአ እቲ ዝቐረበሉ ዓመታዊ ናይ ገንዘብ ኣመዳድባ በጀት ብትኽክል ክም ዝተሰርሐ አረጋጊጹ ቅድሚ 30 ታኅሣሥ ናብ መንበረ ጵጵስና ሃገረ ስብከት መሊሱ ይልእኽ ።

10. ናይቲ ሃገረ ስብከት ገንዘብን ንብረትን ብመጻረዪ ሒሳብ ክም ዚምርመር ይገብር:

11. ካብ ነፍስ ወከፍ መንፈሳውያን ጉባኤታት ዚዋፃእ ናይ ሒሳብ ገንዘብ ክፍሊታትን ንብረትን ኃላፊ ዚኸውን መጋቤ-ሃብታት ክምኡ እውን ናይ ሒሳብ ተቖጻጻሪ ይምድብ ።

12. ናይ መንበረ ጵጵስና ሃገረ ስብከት ሓፈሻዊ መንፈሳዊ ጉባኤ ተጸዋዕነቱ ንመንበረ ፓትርያርክ ሓፈሻዊ ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ ይኸውን።

13 .ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ናይ ገንዘብ ( በጀት) ዓመት ካብ 1 ጥሪ ክሳብ 31 ታኅሣሥ ናይ በጀት ዓመት ይኸውን። ናይ ገንዘብ መደብ /በጀት/ብፓትርያርክ ቀሪቡ ብሓፈሻዊ ጉባኤ ይጸድቕ።

14. ናብ መንበረ ፓትርያርክ ሓፈሻዊ መንፈሳዊ ጉባኤ ተወከልቱ መሪጹ ይልእኽ።

## ክፍሊ ኣርባዕተ

## ቤተ ክህነት ንኡስ ሃገረ ስብከት /ዘኣድያም/

### አንቀጽ 59 ቤት ጽሕፈት ንኡስ ሃገረ ስብከት /ዘኣድያም/

ብጳጳስ ወይ ብቆሞስ ወይ ብካህን ዚምራሕ መሪሕነት ንኡስ ሃገረ ስብከት ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን እዩ።

### አንቀጽ 60 ናይ ንኡስ ሃገረ ስብከትመንፈሳውያን ሰበኻ ጉባኤታት ኣመሰራርታን ትካልን:

1. ኣብ ውሽጢ ክልል ንኡስ ሃገረ ስብከት ብዝኖም ካብ ሓደ ንላዕሊ ዚኾኑ ኣብያተ ክርስቲያን ብተወከልቶም ብናይ ንኡስ ሃገረ ስብከት መራሒ ሥራሕ ሊቀ መንበርነት ናይ ንኡስ ሃገረ ስብከት ሓፈሻዊ መንፈሳዊ ጉባኤ ይምሥርቱ።
2. ብሓፈሻዊ ጉባኤ ተመሪጾም ብናይቲ ሃገረ ስብከት ጳጳስ መዝነቶም ዝረግኣሎም ካብ 2 ዘይውሕዱ ካብ 4 ዘይበዝሑ ኣብ ሠለስተ ዓመት ዚልወጡ ናይ ምምሕዳር ኣባላት ይህልዉዎ።
3. እቲ መራሒ ሥራሕ ኣብ ዘይህልወሉ ጊዜ ናይቲ ንኡስ ሃገረ ስብከት ዋና ጸሓፊ ኣቦ መንበር ኮይኑ ይመርሕ።
4. ብቍጽሪ እተን ኣብ ክልል ንኡስ ሃገረ ስብከት ዚርከባ ኣብያተ ክርስቲያን ተመሪጾም ዝተወከሉ ሓሓደ ካህን
5. ብቍጽሪ እተን ኣብ ክልል ንኡስ ሃገረ ስብከት ዚርከባ ኣብያተ ክርስቲያን ተመሪጾም ዝተወከሉ ሓሓደ ምእመን:
6. ብቍጽሪ እተን ኣብ ክልል ንኡስ ሃገረ ስብከት ዝርከባ ኣብያተ ክርስቲያን ተመሪጾም ዝተወከሉ ሓሓደ ኣባል ናይ ሰንበት ኣብያተ ትምህርቲ ኣባላት ይኾኑ ።
7. እቲ ናይቲ ንኡስ ሃገረ ስብከት ዋና ጸሓፊ ናይቲ ሓፈሻዊ መንፈሳዊ ጉባኤ ኣቦ መንበር ኮይኑ ኣብ ዝመርሓሉ ጊዜ ካብቲ ሓፈሻዊ ጉባኤ ቃለ ጉባኤ ዚሕዝ ሓደ ዋና ጸሓፊ ይምደብ።

## እንቀጽ 61 ናይ ንኡስ ሃገረ ስብከት ሓፈሻዊ መንፈሳዊ ሰበኻ ጉባኤ መዝነትን ተግባርን

ሀ. ናይ ንኡስ ሃገረ ስብከት ሓፈሻዊ መንፈሳዊ ሰበኻ ጉባኤ ካብዚ ቀጺሉ ዝተመልከተ መዝነትን ተግባርን ይህልዎ።

1. ብንኡስ ሃገረ ስብከት መንፈሳዊ ሰበኻ ጉባኤ ተዳልዩ ብዝቐረበ ናይ መዘራረቢ እርእስቲ መሠረት: ናይ ንኡስ ሃገረ ስብከት ሰበኻ ኣባላትን:

ዙነታት ኣገልግሎትን ናይ ሥራሕ ኣፈጻጽማን ናይ ገንዘብን ንብረትን ሓፈሻዊ መግለጺ ሰሚዑ ውሳኔ ይህብ።

2. ዝቐረበሉ ናይቲ ሰበኻ ናይ ሓባር እማመ ናይ ዝተፈላለየ ኣገልግሎት መርሓ ግብርን እናመርመረ ምስ ተሰማምዓሉ ርእይቶ ብምሃብ ናብ ሃገረ ስብከት ክም ዚመሓላለፍ ይገብር

3. ካብ ኅዕለዋይ ሰባኻ መንፈሳዊ ጉባኤ ንዝተፈቕደሉ ናይ ሥራሕ እማመ ንዝተፈላለየ ኣገልግሎት ዘድሊ ናይ ገንዘብ ክፍሊት መጠን ይውስን፡ ክም ዝተኣከበን ኣብ ሥራሕ ክም ዝወዓለን ድማ ምቍጽጻር ይገብር፡

4. ተጸኒዑ ንዝቐረበሉ ናይ ን/ሃ ስብከት መንፈሳዊ ጉባኤ በጀት መርሚሩ ምስ ተሰማመዓሉ ምእንቲ ኪፍቀድ ናብ ልዕሊኡ ይሓትት፡

5. ካብ ነፍስ ወከፍ ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ሓፈሻዊ ምምሕዳር ንዝተፈላለየ ኣገልግሎት ዚኸውን ናይ ገንዘብ ክፍሊት ብጊዚኡ ኣታዊ ክም ዝኾነ የረጋግጽ፡

6. ናይ ንኡስ ሃገረ ስብከት ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ ገንዘብን ንብረትን ብሒሳብ መጸረዪ ምቍጽጻር ይገብር፡

7. ኣብ ትሕቲ መንበረ ፓትርያርክ ዝተዘርዘሩ ናይ ሥራሕ ክፍልታት ብምምልካት እቲ ናይ ምምሕዳር ጉባኤ በብመሥርዑ ኣጽኒዑ ምስ ኣቕረቦ ክክም ኣድላይነቱ ብደረጃ ን/ሃ ስብከት ክም ዚቐውም ይገብር

8.ናይ ን/ሃ ስብከት ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ ተሓዝ ገንዘብን ካልኦት ኣድለይቲ ዝኾኑ ሓለፍትን ይመርጽ

9. እድላይነቱ በቲ ጉባዔ ዝተእምነሉ ሓድሽ ሥርዓትን ዝተፈላለየ መምርሕን መርሚሩ ምስ ተሰማምዓሉ ርእይቶ ብምሃብ ናብ ሃገረ ስብከት ክም ዚመሓላለፍ ይገብር

10. ናይዚ ጉባኤ እዚ ተጸዋዕነት ናብ ሃገረ ስብከት መንበረ ጵጵስና ይኸውን

11. ናብ መንበረ ጵጵስና መንፈሳዊ ሓፈሻዊ ሰበኻ ጉባኤ ተወከልቱ መረጹ

ይልእኽ፡

ለ. ናይ ንኡስ ሃገረ ስብከት ቤተ ክህነት መራሒ ሥራሕ መዝነትን ተግባርን፡ኣብዚ ሕጊ እዚ ዝተዘርዘረ ዕላማ እናፈጸመ ብተወሳኺ ናይ ን/ሃገረ ስብከት ሊቀ ካህናት እዚ ዚስዕብ መዝነትን ተግባርን ይህልዎ፡

1. ናይ ንኡስ ሃገረ ስብከት ቤተ ክህነት መራሒ ሥራሕ ናይቲ ንኡስ ሃገረ ስብከት ሓፈሻዊ ምምሕዳር ጉባኤ ሊቀ መንበርን ዋና ኣፈጻሚ ሥራሕን ብምዃኑ በዚ ሕጊ እዝን ካብ ላዕለዋይ ኣካል ብዚወሃብ መምርሕን ውሳኔን መሠረት፡ነቲሰበኻ ጉባኤ ምድርጃው፥ምትኽኻል፥ብቃለ ጉባኤ ዝተመዝገቡ ውሳኔታት ከም ዚፍጸሙ ምግባር፥ከምኡውን ናይ ጽሕፈትን ናይ ሕሳብን፥ ኣታሓሳልዋ ንብረትን፥ ካልእ ናይቲ ሰበኻ ሥራሕን ብሓፈሻኡ ናይቲ ንኡስ ሃገረ ስብከት መንፈሳዊ ምምሕዳር ጉባኤ ኃላፍን ተጸዋዕን እዩ፡
2. በዚ ኣንቀጽ እዚ ንኡስ ኣንቀጽ 1 ዝተመልከተ ሓፈሻዊ ሓሳብ ከም ዘሎ ኮይኑ ናይ ን/ሃገረ ስብከት ቤተ ክህነት መራሒ ሥራሕ

ሀ. ኣብ ውሽጢ እቲ ን/ሃገረ ስብከት ዚርከባ ኣብያተ ክርስቲያን ብምምሕዳር ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ ከም ዝደራጀውን ከም ዝባራታዕን ይገብር፡

ለ. ኣብቲ ን/ሃገረ ስብከት ዚርከቡ ናይ ቤተ ክህነት ኣገልገልትን ካልኦት ፍቓደኛታትን ብምትሕብባር ኣብዚ ሰበኻ ናይ ምምሕዳር ኣብ ውሽጢ ዝተፈላለየ ናይ ሥራሕ ክፍልታት ከም ዚሳተፉ ይገብር፡

ሐ. ንነፍሰ ወከፍ ሰበኻ ቤተ ክርስቲያን ኣብ ኣገልግሎት ዚውዕሉ ናይ ገንዘብ ኣታውን ወጻእን ቅብሊታት ካልኦት ኣድለይቲ ጽሑፋትን ምስ ላዕለዋይ ናይ ምምሕዳር ሰበኻ ብምዝርራብ ብጊዚኡ እቕሪቡ ከም ዝከፋፈል ይገብር፡

መ. ዝኾነ ይኹን ናይ ሰበኻ ምምሕዳር በዚ ሕጊ እዚ መሠረት ከም ዝተፈጸመ ምቍጽጻር ይገብር፡

ሠ. ኣብ ውሽጢ እቲ ን/ሃገረ ስብከት ዘርከቡ ናይ ሰበኻ ቤተ ክርስቲያን መንፈሳዊ ምምሕዳር ጉባኤ ኣባላትን ናይ ካልኣት ኃለፍትን ፡ምርጫ ናብ ን/ሃገረ ስብከት መንፈሳዊ ጉባኤ ንኺረግእ የቕርብ ከምኡ እውን ካብ ነፍስ ወከፍ ክልል ተዳልዩ ዝቐረበሉ ናይ ውሽጢ መመሓዳሪ ሥርዓትን መምርሕን እማመን ናብ ን/ሃገረ ስብከት ሓፈሻዊ ጉባኤ ቀሪቡ ምስ ተፈቕደ ናብቲ ኸልል ሰበኻ ቤተ ክርስቲያን መሊሱ የመሓላልፍ፡ ንኣዕለዋይ ኣካል ድማ የፍልጥ።

ረ. በብጊዜኡ ናይ ዕለትን ናይ ዘወትርን ናይ ሥራሕ መምርሒ ብምድላው ነናብ ሰበኻኡ እናተዘዋወረ ወንጌል እናሰበኸን እናበሰረን ንምእመናንን ብምንቕቓሕ ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ ከም ዚደራጆን ከም ዚበራታዕን ይገብር፡

ሰ. በብጊዚኡ ካብ ነፍስ ወከፍ ክልል ሰበኻ ቤተ ክርስቲያን ዚኸፈል ናይ ገንዘብ ክፍሊት ኣታዊ ከም ዝኾነ ምክትታል ይገብር፡ ናብ ሃገረ ስብከት ዝለኣኸ ገንዘብ ድማ ብጊዚኡ ንሃገረ ስብከት ሰበኻ ቤት ጽሕፈት የረክብ

ሸ. ዝኾነ ይኹን ወፃኢ ገንዘብ ን/ሃገረ ስብከት ብዝተፈቅደሉ በጀት መሠረት ከም ዚኣቱ፡ ከምኡ እውን ናይ ሒሳብ ኣተሓሕዛን ኣተሓሳልዋን በዚ ሕጊ እዚ ኣብ ኣንቀጽ (61 ) ብዝተዘርዘረ መሠረት ከም ዝተፈጸመ ምቍጽጻር ይገብር

ቀ. ናይ ንኡስ ሃገረ ስብከት ቤተ ክህነት መራሕ ሥራሕ ኣብ ዘይብሉ ን/ሃገረ ስብከት ናይ ቤተ ክህነት ዋና ጸሓፊ ነቲ ናይ ን/ሃገረ ስብከት መራሕ ሥራሕ መዝነትን ተግባርን ደሪቡ ይሠርሕ።

## ክፍሊ ኃሙሽተ

## ብደረጃ ክልል ቤተ ክርስቲያን ዝምሥረት ሰበኻ ጉባኤ

### ኣንቀጽ 62 ናይ ክልል ቤተ ክርስቲያን ማኅበረ ምእመናን

**መንፈሳዊ ጉባኤ**

ናይ ክልል ሰበኻ ቤተ ክርስቲያን ምምሕዳር ብካህን ዚምራሕ መሪሕነት ክልል ሰበኻ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ይኸውን።

## እንቀጽ 63 ናይ ክልል ሰበኻ ጉባኤ ቤተ ክርስቲያን መንፈሳዊ ጉባኤ ኣመሠራርታን ትካልን

ናይ ነፍስ ወከፍ ቤተ ክርስቲያን ሓፈሻዊ መንፈሳዊ ሰበኻ ጉባኤ እዚ ዚምልከት ትካል ይሀልዎ:

ሀ. ናይ ክልል ሰባኻ ቤተ ክርስቲያን ኣማሓዳሪ አቦ-መንበር ዘለዎ ኣብ ዓመት ክልተ /2/ጊዜ ዚጋባእ:ምሉእ ናይ ቤተ ክርስቲያን ከባቢ ምእመናን ዚሀል ውዎ ሓደ ሓፈሻዊ መንፈሳዊ ኣኼባ።

ለ. ናይቲ ቤተ ክርስቲያን አቦ-መንበር ዘለዎ:ሓደ ናይ መንፈሳዊ ምምሕዳር ናይ ሥራሕ ፈጻሚ ጉባኤ:

ሐ.ናይቲ ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ ቤት ጽሕፈት ናይ ቤተ ክርስቲያን ቤት ጽሕ ፈት እዩ።

መ. ናይቲ ሰበኻ ናይ ሥራሕ ክፍልታት ናይቲ ቤተ ክርስቲያን ዝተፈላለየ ኣገልግሎት:ይኸውን

## እንቀጽ 64 ናይ ክልል ሰበኻ ቤተ ክርስቲያን ሓፈሻዊ መንፈሳዊ ጉባኤ ኣፈጻጽማ ሥራሕ

1. ናይ ክልል ማኅበረ ምእመናንን ምእመናትን ሓፈሻዊ መንፈሳዊ ጉባኤ ናይ ሰበኻ ናይ ምርጫ ሥነ-ሥርዓት ዘፈጽም ካብቲ ናይቲ ቤተ ክርስቲያን ሰበኻ ዝተፈላለዩ ጾታትን ሰፈራትን ዝተአከቡ ካህናትን ምእመናንን ዚርከ ብዎ ካብ 5 ዘይውሕዱ ካብ 7 ዘይበዝሑ ኣባላት ዘለውዎ ኣምራጺ ጉባኤ ይሰይም።
2. ንውድድር ዚቐርቡ ሕጹያት ብሕዝቢ ይርቍሑ ንጊዚኡ ድማ ብሓፈሻዊ

ጉባኤ ብድምጺ ንእባልነት ይምረጽ።

3. እቶም ዝተመርጹ አባላት ሰበኻ ጉባኤ ዋና ጸሓፍን ናይ ክፍሊ ሥራሕ ኃለፍትን መሪጾም ይምድቡ።

4. ሰበኻ ምምሕዳር ጉባኤ እጽኒዑ ዓመታዊ ሚዛን ገንዘብ /በጀት/ምስ መደበ ንኺፍቀድ ደረጅኡ ሓልዩ ንሃገረ ስብከት ክሳብ 30 መስከረም ይሓትት

5. እቲ ሓፈሻዊ ጉባኤ፥ካብ ምምሕዳር ዝቐረበ ናይቲ ሰበኻ ቤተ ክርስቲያን ናይ ገንዘብን ንብረትን ከምኡውን ናይ ሥራሕ ውፅኢት መግለጺ ኪሰምዕን ኪዝትን አክራኻሪ ዝኾነ ነገር ክጋጥም ከሎ ድማ ብድምጺ ብልጫ ወሲኑ ናብ ዝምልከቶ ላዕለዋይ አካል ከማሓላልፍ ይኽእል።

6. ናይዚ ጉባኤ ተጸዋዕነት ደረጅኡ ሓልዩ ንሃገረ ስብከት መንበረ ጵጵስና ይኸውን:

7. ናብ ናይ ንኡስ ሃገረ ስብከት ሓፈሻዊ መንፈሳዊ ጉባኤ ተወከልቲ መሪጹ ይልእኽ

## <u>እንቀጽ 65 ናይ ክልል ሰበኻ ቤተ ክርስቲያን አባላት ምምሕዳር ጉባኤ</u>

ናይ ክልል ሰበኻ ቤተ ክርስቲያን መንፈሳዊ ምምሕዳር ጉባኤ አባላት መደብን ብዝሓን አመራርጻን ናይ አገልግሎት ዘመንን ብዛዕባ ተተካኢ አባላትን ከም ኡውን ናይ ምርጫ ምስዓርን ምርጋእን ዚምልከት አብ ታሕቲ ብዝተዘርዘሩ ሕግታት መሠረት ይፍጸም።

## <u>እንቀጽ 66 መደብን ብዝሓን አባላት</u>

ናይ ሰበኻ ምምሕዳር ጉባኤ አባላት ብዝሒ ምስ እማ ሓዳሪ ካብ ሓሙሽተ ዘይውሕዱ ካብ ሸብዓተ ዘይበዝሑ ይኾኑ፥እዚአም ድማ ካብ ውሉደ ክህነት ሠለስተ፥ካብ ምእመናን ክልተ፥ካብ ተመሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰንበት ሓደ፥ እቲ ሻብዓይ ናይቲ ቤተ ክርስቲያን አመሓዳሪ አቦ መንበር ይኸውን። አመሓዳሪ አብ ዘይተሸ መሉ ቤተ ክርስቲያን እቲ ቀሺ ገበዝ አቦ መንበር

ኮይኑ ይመርሕ። ምክትል ኣቦ መንበር ብሕጊ እቲ ጉባኤ መሠረት ካብቶም ዝተመርጹ ኣባላት ውሉደ ክህነት ወይ ምእመን ዕድሚኡ ካብ 30 ዓመት ዘይውሕድ ብቑዕ ክእለት ዘለዎ ይምረጽ።

## ኣንቀጽ 67 ኣመራርጻ ኣባላት

ናይ ውሉደ ክህነት ተመረጽቲ

1. መደበኛ ኣገልገልቲ ውሉደ ክህነት ዝኾኑ ካብ ስኽራን፣ካብ ፍቕሪ ገንዘብ፣ ካብ ትዕቢት፣ ካብ ተንኮል ካብ ውዲት፣ሻራ ዝረሓቑ ግብረ ገብነቶምን ትሕትናእምን ዝተመስከረሎም።
2. ንኣገልግሎት ቤተ ክርስቲያን ንጸሎት ዚነቅሑ:ንስብከተ ወንጌል ዚተግሁ:
3. ብጉድለት-ገንዘብ ተኸሲሶም ብጉባኤ ዘይተበየኖም ብፍርዲ ቤት ብገበን ዘይተፈርዱም: ኪኾኑ ኣለዎም።

## ኣንቀጽ 68 መምዘኒ ተመረጽቲ ምእመናን

1. ሥጋኡን ደሙን ዝተቐበሉ  ሰዓብቲ እምነት ተዋህዶ ቤተ ክርስቲያን ዝኾኑ: ብኣባልነት ዝተመዝገቡ: ዚግብእም ክፍሊት ዝኸፈሉ ይኾኑ:
2. ንቤተ ክርስቲያን ዘለዎም ተገዳስነት ብተግባር ዘርእዩ
3. ኣተሓሳስብእም ብፍቕረ ንዋይ፣ብሥጋዊ ጥቕምን፣ ብዓሌትን ብህርፋን ሥልጣንን ዘይተዓብለሉ
4. ካብ ተንኮል ካብ ሻራ፣ካብ ስኽራን ካብ ፍቕረ ንዋይ፣ዝረሓቑ:ብግብረ ገብነቶምን ትሕትናእምን ዝተመስከረሎም፣
5. ኣብቲ ከባቢ ነበርቲ ዝኾኑ፣ዕድሚእም ካብ 25 ዓመት ንላዕሊ ዝኾኑ ምእመናንን ምእመናትን ይምረጹ ካብ ተመሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰንበት ግና ዕድሚኡ/ኣ ካብ 18- 25 ዓመት ዝኾነ/ት ይምረጽ፣ እብ ምምራጽ ኣባላት ናይ ጾታ ፍልልይ እይግበርን፣
   ዕድሚኡ/ኣ ካብ 18-24 ዓመት ዝኾነ/ት ኣታዊ ሃልይዎ/ዋ ዚግባእ ንቤተ ክርስቲያን ዝኸፈለ/ት ይምረጽ/ትምረጽ። ካብ 25 ዓመት ንላዕሊ

ዝዕድሚ ኡ/ኣ ግድን ክኸፍል /ክትከፍል ይግባእ እንተ ዘይከፈለ/ት ግና ንምርጫ ኣይቀርብን/ኣይትቐርብን፡

## **<u>ዓንቀጽ 69 ዘመን ኣገልግሎት ተመረጽቲ ኣባላት</u>**

ሀ. ንኣባልነት ዝተመርጸ ካህን ወይ ምእመን ኣብ ዝተመርጸሉ ኣገልግሎት ዝጸንሓሉ ጊዜ ሠለስተ ዓመት ይኸውን። እቲ ጽቡቕ ኣገልግሎት ዘበርከተ ኣባል እናተራእየ ሕጹይ ኮይኑ ብምቕራብ ክም ብሓድሽ ኪምረጽ ይከኣል እንተኾነ ካብ ክልተ ጊዜ ንላዕሊ ብተኸታታሊ ኪምረጽ ኣይከኣልን፡ሓደ ሓደ ናይ ምርጫ ጊዜ እናሓለፈ ግና ኪምረጽ ይከኣል።

ለ. ኣብ ሥራሕ ዘለዉ ናይቲ ጉባኤ ኣባላት ናይ ሥራሕ ጊዜኦም ቅድሚ ምውድኡ እንተወ ሓደ ቅድሚ ሓደ ወርሒ ናይ ሓደስቲ ኣባላት ምርጫ ይፍጸም።ነገር ግን እቶም ሓደስቲ ኣባላት ሥርሖም ዚጅምሩሉ እቶም ኣብ ሥራሕ ዘለዉ ኣባላት ናይ ሥራሕ ጊዜኦም ምስ ኣብቀዐ እዩ።

## **<u>ዓንቀጽ 70 ተተካእቲ ኣባላት</u>**

ሓደ ኣባል ናይ ሥራሕ ጊዜኡ ቅድሚ ምውድኡ ብሞት ወይ ብናይ ሥራሕ ቅያር ምኽንያት ወይ ነዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱን ዝተዘርዘሩን እንቀጻት ኣማሊኡ ብዘይ ምርካቡ እቲ ቦታ ክፉት እንተ ደኣ ኮይኑ፡ኣብቲ ዝኃለፈ ምርጫ ካብቶም ዝተመርጹ ኣባላት ቀጺሉ ዝበዝሐ ድምጺ ዝረኸበ ኣባል ኮይኑ ኣብቲ ክፍቲ ቦታ ይትካእ። ነዚ ዚትክእ ኣባል እንተ ዘይተረኺቡ ግና ብማኅበረ ምእመናን ሓፈሻዊ መንፈሳዊ ጉባኤ ብድምፂ ብልጫ ተመሪጹ ነቲ ዝተባህለ ቦታ ወይ መደብ ብኣባልነት ክም ዚትካእ ይግበር፤እቲ ተተካኢ ኣባል ዘገልግለሉ ድማ ናይቲ ዘመን ምርጫ ክሳብ ዚፍጸም ይኸውን።

## **<u>ዓንቀጽ 71 ምርጋእ ወይ ምስዓር ምርጫ</u>**

ሀ. ኣብ ክልል ቤተ ክርስቲያን ኮነ ኣብ ንኡስ ሃገረ ስብከት ሰበኻ ጉባኤ ዚፍጸም ምርጫ ኩሉ በቶም መራሕቲ ሥራሕ ናብቲ ሃገረ ስብከት ጳጳስ ቀሪቡ ይረጋእ፡

ለ. እቲ ጳጳስ ነቲ ኣፈጻጽማ ምርጫ ትኽክል ኮይኑ እንተ ዘይረኸቦ ግና ነቲ ምርጫ ኪመሓይሾ ወይ ኪሰርዞ ሥልጣን ኣለዎ።

ሐ. ናይ ሰበኻ ጉባኤ ኣባላት ተመሪጾም ሥርሖም ምስ ጀመሩ ገንዘብ እንተ ኣጥፍኡ ወይ ካልእ ሽግር እንተፈጠሩ እቲ ናይ ሃገረ ስብከት ጳጳስ ኪስዕሮም፥ካብ ኣባልነት ኪውርዶም ሥልጣን ኣለዎ።

## ኣንቀጽ 72 መዝነትን ተግባርን ምምሕዳር ሰበኻ ጉባኤ

ኣቐዲሙ ዝተዘርዘረ ዕላማን ተግባርን እናፈጸመ ብተወሳኺ ናይ ከባቢ ቤተ ክር ስቲያን ሰበኻ ጉባኤ መንፈሳዊ ምምሕዳር እዚ ዚስዕብ መዝነትን ተግባርን ይህልዎ።

1. ሕጊ ቤተ ክርስቲያን ብዚፈቕዶ መሠረት ናይቲ ቤተ ክርስቲያን እምነትን ሥርዓትን ይሕሉ። እዚ ናይ ምምሕዳር ጉባኤ፡ ኣብ ሰሙን ክልተ ጊዜ ይእከብ።
2. ብዛዕባ ንዋየ ቅዱሳትን ቅርስታትን ኣታሓሳልዋ መጻሕፍትን እናዘተየ ይውስን፡
3. ንምሥጢረ ቤተ ክርስቲያን ኣምልኮተ እግዚኣብሔርን ዚምልከት ጉዳይ ኪጋጥም ከሎ ብናይ ካህናት ፍሉይ ጉባኤ ምስ ተመርመረ ኣድላዪ ኮይኑ እንተ ተረኺበ ርእይቶ ብምሃብ ናብ ላዕለዋይ መንፈሳዊ ምምሕዳር ክም ዚቐርብ ይገብር፡
4. ብዛዕባ ምምሕዳር ካህናት እናጽንዐ ብይን ይህብ ነቲ ብያኔኡ ከኣ ንን/ሃገረ ስብከት መንፈሳዊ ሰበኻ ጉባኤ የፍልጥ፡
5. ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ቅዱስ ሲኖዶስ ብዝሃቦ መምርሒ መሠረት ናይዚ ሕጊ'ዚ ዕላማ ዝተሓለወ ኮይኑ ብስም እቲ ክልል ሰበኻ ቤተ ክርስቲያን፡

ሀ. ይኸሰስ፡ ይኸስስ

ለ. ውዕል ምውዕዓል አድላይ ኮይኑ ምስ ዚረኽቦ ድማ ንላዕለዋይ አካል አፍሊጡ ምስ አርግአ ይወዓዓል

6. በዚ ሕጊ እዚ ብዝተዘርዘረ መሠረት ናይ ሰባኻ ምእመናን ዚኸፍልዎ ክፍሊትን ሓፈሻዊ ኣታውን ናብ ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ባንኪ ሕሳብ ኣታዊ ይገብር:

7. በብጊዜኡ ካብ ቤት ጽሕፈት እቲ ቤተ ክርስቲያን ናይ ዝቐረበ ናይ ሥራሕ መግለጺ እናመርመረ ውሳኔ ይህብ:ናይቲ ሰበኻ ተቈጻጻሪ ዘቕረቦ ናይ ሕሳብ መርመራ መግለጺ ሰሚዑ ድማ ውሳኔ የመሓላልፍ:

8. ናይቲ ሰበኻ ክፍሊ ምቍጽጻር ነቲ ሕሳብ ምምርማርን ምቍጽጻርን ልዕሊ ዓቕሙ ኮይኑ እንተ ተረኺቡ ካብ ላዕለዋይ አካል ወይ ከኣ ከም ኣድላይነቱ ካብ ካልእ ቦታ ናይ ምቍጽጻር ሓገዝ ብምሕታት ከመርምር ይኽእል።

9. ናይ ክልል ሰበኻ መንፈሳዊ ሓፈሻዊ ጉባኤ: ናይ ቤተ ክርስቲያን ምምሕዳር ኣመራርሓን ትካልን፣ነዚ መሠረታዊ ሕግን ሥርዓትን ከይለቐቐ ዚመሓየሽሉን ኣብ ሥራሕ ኪውዕል ዚኽእለሉን ኩነታት እናጽንዐ፣ ናብ ሃገረ ስብከት ሓሳብ ኬቕርብ ይኽእል።

10.ናይ ቤተ ክርስቲያን መንፈሳዊ ሰባኻ ጉባኤ፣ቤት ጽሕፈትን ናይ ሥራሕ ክፍልታትን ይምሥርት፣

11.ናይዚ ሕጊ እዚ መሠረታዊ ሓሳብ ከይለቐቐ ነቲ ናይቲ ቤተ ክርስቲያን ሰበኻ ዘድልዩ ናይ ውሽጢ ምምሕዳር ሕጊ መምርሕን እማመን ኣዳልዩ ናይቲ ከባቢ ማኅበረ ምእመናን ሓፈሻዊ ጉባኤ ፈሊጥዎ ብወገኑ ድማ ምስ ተሰማምዓሉ ኪፍቀድ ናብ ን/ሃገረ ስብከት ሰበኻ መንፈሳዊ ምምሕዳር ጉባኤ የቕርብ፣

12.በቲ ዝተፈቕደ ውሽጣዊ መመሓደሪ ሕጊ፣መምርሕን እማመን መሠረት :ንዝተፈላለዩ ናይ ሥራሕ ክፍልታት ዝርዝር ናይ ሥራሕ መምርሕን መርሃ ግብርን የዳሉ አፈጻጽምኡ ድማ ይቆጻጸር:

13. ብምኽንያት ናብ ንኡስ ሃገረ ስብከት ሓፈሻዊ መንፈሳዊ ጉባኤ ዝተወከሉ ልኡኻት ናይ ከባቢ ቤተ ክርስቲያን ምምሕዳር ጉባኤ ኣባላት ቍጽሪ ካብ 7 እንተደኣ ውሒዱ መተካእተኦም ተጠባበቕቲ /ካልእ ኣባላት ይትክእ:

14. ናይዚ ጉባኤ እዚ ተጸዋዕነት ደረጃኡ ሓልዩ ንሃገረ ስብከት መንበረ ጵጵስና ይኸውን።

## ዓንቀጽ 73 ናይ ከልል ሰበኻ ቤተ ክርስቲያን ኣመሓዳሪ መዝን ተግባርን

በዚ ሕጊ እዚ ዝተመልከተ ዕላማን ተግባርን ንምፍጻም እቲ ኣመሓዳሪ እዚ ዚስዕብ መዝነትን ተግባርን ይህልዎ

1. ናይ ቤተ ክርስቲያን ኣመሓዳሪ ናይ ቤተ ክርስቲያን ሰበኻ ዋና ኣፈጻሚ ሥራሕ ብምኻን በዚ ሕጊ እዝን ነዚ ሕጊ እዚ ተመርኵሱን ብዚወፅእ ውሽጣዊ ሥርዓት መሠረት ብዛዕባ ማኅበረ ምእመናን ሓፈሻዊን መፈሳዊ ጉባኤ ብዛዕባ ምምሕዳር ጉባኤ ናይ ሥራሕ ኣፈጻጽማ ብሓፈሻኡ ኣብ ሰበ ኻ ቤተ ክርስቲያን ንዘሎ ምምሕዳር ኃላፍን ተጸዋዕን እዩ።

2. ኣብዚ ኣንቀጽ እዚ ብንኡስ ኣንቀጽ 1 ዝተመልከተ ከም ዘለዎ ኾይኑ:

ሀ. ብዛዕባ ምምሕዳር ኣገልገልቲ ቤተ ክርስቲያን ሰበኻ ምምሕዳር ይመርሕ:

ለ. ኣብ ውሽጢ እቲ ሰበኻ ትምህርቲ ስብከተ ወንጌል:ናይ ካህናት ኣገልግሎት ቤት ትምህርት ሰንበት:ናይ ግብረ ሠናይ ማኅበራዊ ጉዳይን ኣገልግሎትን በቲ ዘሎ ሕግን ሥርዓትን መሠረት ከም ዚምሥረትን ብትኽክል ኣብ ሥራሕ ከም ዚውዕልን ከም ዜስፋሕፍሕን ግቡእ ጻዕርን ምቍጽጻርን ይገብር ናይ ዝተፈላለዩ ክፍሊ ሥርሓት ድማ የተሓባብርን: ይፍጽምን ከም ዚፍጸም ይገብርን

ሐ. ናይቲ ቤተ ክርስቲያን ኣገልገልትን ካህናትን ምእመናንን ናይ መንነት ወረቐት ከም ዘለዎምን ኣብ ውሽጢ ሰበኻ ዚነብሩ ምእመናን ከም

ዝተመዝገቡን:ናይ ጥምቀተ ክርስትና፣ናይ ሥርዓተ መርዓ፣ናይ ምዉታን መዝገብን ተመዲቡ ዚሥርሓሉ ምኽኑ የረጋግጽ

መ. ናይቲ ቤተ ክርስቲያን ኣታዊ ገንዘብ ብትኽክል ኪእከብ፣ዝኾነ ይኹን ብሕጊ ዝተፈቕደ ዚንቀሳቐስን ዘይንቀሳቐስን ሃብትን፣ንብረትን ኪሕሉ ብጉባኤ ምምሕዳር ዝተጸንዐ ብዝተወሰነ መሠረት ኣብ ግቡእ ሥራሕ ከም ዚውዕል ይገብር።

ሠ. ናይቲ ቤተ ክርስቲያን ዓመታዊ ናይ ገንዘብ ኣመዳድባ /በጀት/ ተዳልዩ ናብ ምምሕዳር ጉባኤ ቀሪቡ: ናይ ምምሕዳር ጉባኤ ድማ ኣጽኒዑ ናብቲ ናይቲ ሰበኻ ምእመናንን ሓፈሻዊ መንፈሳዊ ጉባኤ ቐሪቡ ምስ ኣመነሉ ካብ ላዕሊ ብዝተፈቕደ መሠረት:ዓመታዊ ሚዛን: ገንዘብ /በጀትን/ ዝኾነ ይኹን ወፃእን ብምእዛዝ ከም ዚሥርሓሉ ይገብር:

ረ. በዚ ሕጊ መሠረት ካብ ላዕለዋይ ኣካል ምስ ተፈቕደ፣ናይቲ ውዕል ረቂቕ ድማ ብጉባኤ ምምሕዳር ምስ ጸደቀ፣ ምስ ም/ኣቦ መንበር ኮይኑ ብስም እቲ ቤተ ክርስቲያን ውዕል ተዋዓዒሉ ይፈራረም።

ሰ. ናይ ምምሕዳር ጉባኤ ምእንቲ ኪእከብ መጸዋዕታ የመሓላልፍ፣ብጉባኤ ብዝተዋህበ ብይን መሠረት ኪሥረሓሉ ንኣፈጻጽምኡ ምቍጽጻር ይገብር።

ሸ. ናይ ሰበኻ መንፈሳዊ ምምሕዳር ጉባኤ ኣባላትን ናይ ዋና ጸሓፍን ናይ ዝተፈላለዩ ናይ ክፍሊ ሓለፍትን ምርጫ ምእንቲ ኪረግኣሉ ናብ ሃገረ ስብከት የመሓላልፍ:

ቀ. እቲ ኣመሓዳሪ ብስም እቲ ሰበኻ ቤተ ክርስቲያን ምምሕዳር ጉባኤ ብዛዕባ ኵነታት ናይቲ ሰበኻ ካህናትን፣ ምእመናንን፣ ብዛዕባ ኣገልግልቲ ቤተ ክርስቲያንን፣ ብዛዕባ ገንዘብን፣ንብረትን ከምኡውን ብዛዕባ ዝተፈላለዩ ክፍልታት ናይ ሥራሕ ኣፈጻጽማ መግለጺ ናብቲ ሓፈሻዊ ጉባኤ የቕርብ። ናይቲ ሓፈሻዊ ጉባኤ ውሳኔ ድማ ናብ ን/ሃገረ ስብከት ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ የመሓላልፍ።

በ.ብዘይካ'ዚ ድማ በዚ ሕጊ እዚ መምርሒ ዝተወሰነሉ ተግባር ኩሉ ይፍጽም።

ተ. ናይ ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ ኣቦ-መንበር ኣብ ዘይህልወሉ ጊዜ እቲ ም/ኣቦ መንበር ሥልጣነ ክህነት ዘይብሉ እንተደአ ኾይኑ፡ብጀካ ንምሥጢራተ ቤተ ክርስቲያን ዚምልከት፡ናይ ኣቦ-መንበር ተግባር ይፍጽም።

## ምዕራፍ ሸብዓተ (7)

## መንፈሳዊ መዓርጋት

### እንቀጽ 74 ኣሰያይማ መዓርገ ዲቁና

መዓርገ ዲቁና ኪቕበል ዚግብእ ተመሃራይ:-ዓጸዌ ሆኘት፤ኣናጉንስጢስ፣ መዘምር፣ ንፍቀ-ዲያቆን፣ኮይኑ ብናይ ሠለስተ ዓመት ተመክሮ ብግቡእ ቤተ ክርስቲያን ዘገልገለ፣ሥርዓተ ቤተ ክርስቲያን ዘጠናቐቐን ሙያ ግብረ ዲቁና ዝተማሀረን ግዕዝን:ትግርኛን ብግቡእን ብዘረድእን ዜንብብ፣እሩም ዝጠባዩ እብ" 1ጢሞ.3:8-11" ዘሎ ዘማልእ። ብዘመናዊ ትምህርቲ ድማ ብዝተኻ እለ መጠን ካብ ማእከላይ ደረጃ ዘይትሕት ዝተማሀረ ኪኸውን አለዎ። ዕድሚኡ ካብ 15 ዓመት ንላዕሊ ኮይኑ ብድንግልና ይኹን ብቓል ኪዳን ዝተመርዓወ: ብገበን ተኸሲሱ ብቤት ፍርዲ ገበነኛ ኮይኑ ዘይተረኸበ: መዓርገ ዲቁና ኪሸየም ይኽእል።

### እንቀጽ 75 ኣሠያይማ መዓርገ ክህነት

ንመዓርገ ክህነት ሕጹይ ኮይኑ ዚቐርብ ዲያቆን:-ወኢይ ኩን ኣሓዱሂ ቀሲስ ዘኢየእምር ነገረ መጻሕፍት ኣምላካውያት ሠናያት ወፈድፋደሰ አርባዕቱ ወንጌላት ብዚብሎ መሠረት ግዕዝ ኣንቢቡ ብትግርኛ ብምት ርጓም ንምእመናን ዜረድእ፣ሥርዓተ ቅዳሴ ብግዕዝን ዕዝልን ዘዝይም: ኪዳናት መስተብቍዓት ፣ሊጦናት:ዘይነግሥ፣ ኣሥርቆት፣ኃምስቱ አእማደ ምሥጢር ፣ነገረ መለኮት ፣ሰብዓቱ ምሥጢራተ ቤተ ክርስቲያን ዚፈልጥ፣እሩም ዝጠባዩ:ብሥነ-ሥርዓት ዚመላለስ: ማለት ዘይሕሉ፣ገጽ ሰብ ርእዩ ዘየዳሉ፣

ዘይዋቓዕ መስተ ዘየብዝሕ፣ሸራ ዘየልዕል ንጹሕ፣ሕያዋይ፣ቀጻዕ ሰብነቱ፣ ካብ ኩሉ ነገር ሰብነቱ ዚዕቅብ፣ንምምዓድ ዚግደስ፣ብትምህርቲ ወንጌል ሕዙናት ዜጸናንዕ: ኣብ 1ጢሞ.3:2-11; ቲቶ.1:6-9 ዝተጠቕሰ ትእዛዝ ዝፈጸመን ብማኅበረ ምእመናን ተመሪጹ ዝቐረበን ካብ ካልኣይ ደረጃ ዘይትሕት:ዘመናዊ ትምህርቲ ዝተማህረን ዕድሚኡ ብዝተኻእለ መጠን ካብ 30 ዓመት ዘይውሕድን:ብገበን ተኸሲሱ ገበነኛ ኮይኑ ዘይተረኸበ: ብበዓልቲ ቃል ኪዳኑ መጸምርቱ ፍቓድ ዝረኸበ ይኸውን።

## ኣንቀጽ 76 ካብ ማዕርገ ክህነት ዘስዕር/ወይ ብቀኖና ዜቕጽዕ ኣበሳ:-

### ሀ. ካብ ማዕርግ ዘስዕር

ዝዘመወ፣ መማለዲ ሂቡ ዝተሾመ፣ ሰበይቱ ዝፈትሐ፣ ንስሓ ምእመናን ዘይቅበል፣ክልተ ጊዜ ክህነት ዝተሾመ ብሓሶት ዝመሓለን ዝመስከረን፣ ዚሰክር፣ ገንዘቡ ብሓረጣ ዘለቅሐ ዚዋቓዕ ዚጥንቁል ዘጠንቁል:ኣብ ካልእ እምነት ከይዱ ዝተጠምቀ፣ኪሠርቕ ዝተረኸበ ሕይወቱ ንምጥፋእ ዝሃቀነ፣ ኣካሉ ባዕሉ ዘጕደለን፣ፈቲሑ ካልኣይቲ ሰበይቲ ንዜእቱ ሰብ ዝባረኸ: ክልተ ኣኅዋት ንዘእተወ ወይ ሰበይቲ ኃዉ ንዝወረሰ ወይ ኃዉ ሰብኣያ ሓሙታ ንዘእተወት ዝባረኸ፣ ኣብ ቤት ፍርዲ ተኸሲሱ ብገበን ዝተፈርደ።

### ለ. ብቀኖና ዘቕጽዑ በደላት:-

ድኻታት ኪርድኡ ዚቃወም፣ዜጣቕዕ፣ ዝዕበ:ንሕጊ ፈሲጡ ዘይሰርሓሉ ብዛዕባ መንፈሳዊ ጉዳይ ቤተ ክርስቲያን ብዚምልከት ንኤጲስቆጶስ ከየፍቀደ ናብ ካልእ ዝኸደ፣ ትእዛዝ ኤጲስቆጶስ ዝጠሓሰ፣ ዝኣበየ፣ሕሉቕ ዝበልዐ ፣ዚጻረፍ።

## ኣንቀጽ 77 ኣገባብ ኣመራርጻ ኤጲስቆጶስ:-

ሀ. ኣምራጺ ኮሚቴ ካብ 5 ዘይውሕዱ ካብ 7 ዘይበዝሑ ካብ ውሽጢ ሲኖዶስ ይሸየም:

ለ. ኣብ ናይ ሓደ ቦታ ኤጲስቆጶስ 3 ሰብ ይወዳደሩ:

ሐ. ብዝኂ መረጽቲ፥ብሲኖዶስ ይውሰን፥ ካብ ሃገረ ስብከት ካብ 5 ዘርፍታት ማለት ካብ ካህናት፥ ካብ ሊቃውንቲ፥ ካብ ምእመናን፥ ካብ ናይ ቤት ትምህርቲ ሰንበት ኣድመጽቲ ተመሪጾም ይቐርቡ። ኣባላት ቅዱስ ሲኖዶስን ናይ ጎዳማት ኣበምኔታትን ብላዕሊ ይኸውን።

መ. ናይ ነፍስ ወከፍ ሃገረ ስብከት ብዝኂ መረጽቲ ቅዱስ ሲኖዶስ ይውሰን።

ሠ. ኣመራርጻ ድማ ብምሥጢር ይኸውን።

**<u>ኣንቀጽ 78 ናብ መዓርግ ኤጲስቆጶስ ዘብቅዕ መምዘኒ</u>**

ሀ. ብትውልዱ ኤርትራዊ ዝኾነ

ለ. ብሃይማኖቱ ተዋሕዶ ኦርቶዶክስ

ሐ. ብድንግልና ዝመንኮሰ

መ. ድሕሪ ምንኩስናኡ እንተ ወሓደ ንዓሠርተ ዓመት ኣብ ገዳም ዘገልገለን ናይ ሥራሕ ፍረ ዘበርከተን:ድሕሪ ናይ 5 ዓመት ኣገልግሎት ትምህርቲ ንምቕጻል እንተኸደ ግና ኣብ ኣገልግሎት ከም ዘሎ ይሕሰበሉ

ሠ. ብትምህርቲ ሃይማኖት ወይ ድማ ብነገረ መለኮት ፍልጠት ዘለዎን ሕጊ ቤተ ክርስቲያን ኣጸቢቑ ዚፈልጥን፥ካብ መሰልጠኒ ካህናት ምስክር ወረቐት ዝሓዘ ወይ ከኣ ናይ ተመክሮ ክእለት ዘለዎ፥

ረ. ብሥነ ምግባር ዝተመስገነ፥ ጥዑይን ጕደሎ ኣካልን ዘይብሉ:

ሰ. ዕድሚኡ ካብ 40 ዓመት ንላዕሊ ዝኾነ:

ሸ.ናይ ምምሕዳር ልምድን ክእለትን ዘለዎ ኮይኑ ኣብ ገዳም ከሎ ከም ሊቀ ረድእ፥ መጋቢ፥ ገበዝ፥ወይ ኣበምኔት፥ብምኻን ዘበርከቶ ናይ ሥራሕ ፍረ ኣብ ግምት ይኣቱ:

**<u>ኣንቀጽ 79 ኣሰያይማ ኤጲስቆጶስ:</u>**

ምርጫ ኤጴስቆጶስ ብቅዱስ ሲኖዶስ ምስ ጸደቐ ብፓትርያርክ ተቐቢኡ ይሽየም። ቃል ማሕላ ብምፍ ጻም ከኣ መንበሩ ይርከብ።

**<u>ኣንቀጽ 80 መዝን ተግባርን ኤጲስቆጶስ</u>**

ሀ. ናይታ ሃገረ ስብከት ናይ መንበረ ጵጵስና ቤት ጽሕፈት ኣዕለዋይ ኃላፊ ኮይኑ ይመርሕን የመሓድርን:

ለ. ናይ ኀዳማት ኣበምኔታት ከምቲ ሕጊ ገዳም መሠረት ተመሪጾም ምስ ተሾሙ የጽድቐሎም

ሐ. ናይ ሃገረ ስብከት ጳጳስ ናይ ቅዱስ ሲኖዶስ ኣባል እዩ:

መ. ኣብ እንቀጽ 56 ዝተዘርዘሩ ይፍጽምን የፈጽምን

ሠ.ሓድሽ ቤተ ክርስቲያን ምስ ተሓንፀ ባዕሉ ወይ ድማ ንሱ ዝወከሎ ሥርዓተ ምቕባእ ይፍጽም።

## <u>እንቀጽ 81 ካብ ማዕርግ ምውራድ</u>

ኤጲስቆጶስ ካብ ማዕርግ ኪወርድ ከሎ በቲ ኣብ እንቀጽ 93 ዝተመልከተ ኣገባብ ካብ ማዕርግ ይወርድ።

## <u>እንቀጽ 82 ኤጲስቆጶስ ኪገብር ዘግባእን ካብ ስራሕ ዜዕርፈሉ ጊዜን ዕረፍቱን</u>

ሀ. ብናይ ቅዱስ ፓትርያርክ ፍቓድ እንተ ዘይኮይኑ ካብ ሃገረ ስብከቱ ወፃኢ ካብ 15 መዓልቲ ንላዕሊ ኪጸንሕ ኣይፍቀድን

ለ. ፍረ ሥርሑ (ጸብጻብ) ኣብ ዓመት 2 ጊዜ ናብ ቅዱስ ሲኖዶስ የቕርብ:

ሐ. ኣብ ጊዜ ዕረፍቱ (ሞቱ)ኣብ ሃገረ ስብከቱ ይቕበር ኣገዳሲ ኩነታት እንተ ኣጋጠመ ግና ብናይ ቅዱስ ሲኖዶስ ፍቓድ ኣብ ካልእ ቦታ ይፍጸም። እታ ሃገረ ስብከቱ ድማ ግቡእ መስሉ ተግልኣሉ

መ. ብዘይ ብቑዕ ምኽንያት ናይ ጵጵስና መዓርጉ ብፍቓዱ ኪሓድግ ኣይፍቀድን።

ሠ. ካብታ ዝተሸመላ ዕለት ጀሚሩ ዘጥረዮ ዝኾነ ይኹን ሃብትን ንብረትን ናይ ሃገረ ስብከቱ ሃብቲ ይኸውን።

ረ. ዂሉ ጻዕሩን ሥርሑን ንሃገረ ስብከቱ ድኣ ይኸውን እምበር ብዝኾነ ይኹን ምኽንያት ካብ ሃገረ ስብከቱ ወፃኢ ትካላት ከቕውም ኣይፍቀደሉን።

## <u>ኣንቀጽ 83 ፓትርያርክ</u>

ፓትርያርክ ማለት ርእስ ኣበው፡ ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ማለት እዩ።

## <u>ኣንቀጽ 84 ኣገባብ ኣመራርጻ ፓትርያርክ</u>

### <u>ሀ. ኣምራጺ ኮሚ ቴ:-</u>

ኣምራጺ ኮሚቴ ብጠቕላላ 17 ኣባላት ይሀልውዎ። ንሳቶም ከኣ ካብ ሽዱሽተ ሃገረ ስብከት ማለት፣ኣሥመራ፣ሓማሴን፣ኣከለጉዛይ፣ሠራየ፣ሰንሒት ባርካ ጋሽን ሰቲትን ሳሕልን፣ሰምሃርን ደንከልን፣ነፍሲ ወከፎን ክክልተ ኣባላት፣ ካብ ካህናት፣ ካብ ቤት ትምህርቲ ሰንበት፡ካብ ሊቃውንትን ምእመናንን፣ክልተ/2 ካብ ናይ ሥምረት ሓድነት ገዳማት፡/3/ ከኣ ካብ ናይ ሲኖዶስ ኣባላት እዮም። ኣገባብ ኣመራርጽኦም ከኣ ካብ ነፍስ ወከፍ ን/ሃገረ ስብከት ካብተን ኣርባዕተ ክፍልታት ሓሓደ ብድምጺ ብልጫ ተመሪጾም ናብ ነፍስ ወከፍ ሃገረ ስብከት ይለኣኹ። ካብ ነፍስ ወከፍ ሃገረ ስብከት ብድምጺ ብልጫ ነታ ሃገረ ስብከት ዝውክሉ ክልተ/2/ ሰባት ተመሪጾም ናይ ኣምራጺ ኮሚቴ ኣባላት ኮይኖም ናብ መንበረ ፓትርያርክ ይለኣኹ።

## <u>ኣንቀጽ 85 ንፓትርያርክ ዘብቅዕ መምዘኒ</u>

ኣብ ርእሲ'ቲ ኤጲስቆጶስ ኪምረጽ ክሎ ዘማልእ ነጥብታት ማለት ኣብ ኣንቀጽ 78 ዝተጠቕሰ

ሀ. ጳጳስ ዝኾነ

ለ. ሕጊ ዲዲስቅልያ ከም ዚፈቕዶ፡ ዕድሚኡ ካብ ሓምሳ ዓመት ንላዕሊ ዝኾነ

## <u>ኣንቀጽ 86 መዝን ተግባርን ኣምራጺ ኮሚቴ</u>

1. ክካብ ሃገረ ስብከቶምን ቦታኦምን ተመሪጾም ምስ መጹ ኣብ ር/ኣ/ ደብረጽዮን ቅድስት ማርያም ቤተ ክርስቲያን ተኣኪቦም ጳጳሳት ኣብ ዘለዉሉ ቃል ማሕላ ይፍጽሙ፡ብናይ ሓደ ሰሙን ሱባኤ ጾምን ጸሎትን ድማ ሥርሖም የካይዱ።
2. ካብ ማእከሎም ኣቦ መንበርን ጸሓፊኦምን ይመርጹ፡

3. ቅኑዕን ሓቀኛን ምርጫ ንኽካይዱ ይጽዕሩን ይቆጻጸሩን

4. ንፓትርያርክነት /3/ ሠለስተ ሕጹያት ረቒሖም ናይ ምርጫ ሥነ-ሥርዓት የፈጽሙ።

**<u>ኣንቀጽ 87 ኣባል ኣምራጺ ኮሚቴ ክኾኑ ዘለዎም ነጥብታት</u>**

1. ቅዱስ ቍርባን ዝተቐበሉ:/ቆረብቲ/ ዝኾኑ:
2. ዕድሚኦም ካብ 25 ዓመት ንላዕሊ ዝኾኑ:
3. ብሥነ-ምግባሮምን ፍልጠቶምን ነዚ ተግባር እዚ ብቑዓት ምዃኖም ዝተመስከረሎም
4. ብዝኾነ ይኹን ገበን ተኸሲሶም ብቤት ፍርዲ ዘይተ ፈርዶም ይኾኑ።

**<u>ኣንቀጽ 88 ቍጽሪ መረጽቲ ኣባላት</u>**

ንፓትርያርክ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ንምምራጽ

ዚውከሉ ሰባት ቍጽሮም ............ 318

ይኸውን። ንሳቶም ከኣ:

ሀ. ኣባላት ቅዱስ ሲኖዶስ ብምልኦም ......... 18

ለ. ካብ ገዳማት ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ/ቲያን 20

ሐ. ካብ ነፍስ ወከፍ ሃገረ ስብከት

1. ኣሥመራ ሃገረ ስብከት .......... 45
2. ሓማሴን ሃገረ ስብከት ......... 45
3. ሠራየ ሃገረ ስብከት ...... ...... 45
4. ኣከለጉዛይ ሃገረ ስብክ ት ............ 45

5.ሀ. ሰንሒት ሃገረ ስብከት .......... . 25

ለ. ጋሽን ሰቲትን ...... 35

ሐ. ባርካ ..... 10

መ. ሳሕል . ........... 5

6.ሀ. ስምዒር ......... 10

ለ. ደንከል ..... 5

7. ቅዱስ ሲኖዶስ ባዕሉ ኪመርጾ ዝፈቐደሎም

10

8. ኣብ ወፃኢ ዚርከባ ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ነፍስ ወከፈን ሓሓደ

............ ድምር .......

**<u>እንቀጽ 89 ኣብ ምርጫ ፓትርያርክ ዓዕለዋይ ተቆጻጻሪ</u>**

ሀ. ኣብ ሥነ-ሥርዓት ምርጫ ፓትርያርክ ላዕለዋይ ተቆጻጻርን ጥርዓን ተመልካቲ ዚብይንን ቅዱስ ሲኖዶስ እዩ።

ለ. ሲኖዶስ ዝሃቦ ውሳኔ ድማ ናይ መወዳእታ እዩ።

ሐ. ጥርዓን ምስ ቀረበ ኣብ ውሽጢ ክልተ መዓልቲ ይፍጸም።

መ. ብዛዕባ ሕጹያት ተመረጽቲ ዚምልከት ጥርዓን:እንተ ኾይኑ ቅድሚ ናይ ምርጫ መዓልቲ ስማት ተመረጽትን ስእሎምን ካብ ዝተገልጸሉ ሰለት ክሳብ 2 መዓልቲ ኣብ ዘሎ ጊዜ ኪቐርብ ይኽእል።

ሠ. ብዛዕባ ጉድለት ኣፈጻጽማ ምርጫ ዚቐርብ ጥርዓን እቲ ድምጺ ተቖጺሩ ክሳብ ዝፍጸም ኪቐርብ ይኽእል:ስም እቲ ምሩጽ ምስ ተገልጸ ዚቐርብ ጥርዓን ግና ተቐባልነት የብሉን።

**<u>እንቀጽ 90 ዝተመርጸ ፓትርያርክ</u>**

ናይ ምርጫ ሥነ-ሥርዓት ተፈጺሙ ብቅዱስ ሲኖዶስ ምስ ጸደቐ እቲ ዝተመርጸ ፓትርያርክ ቃል ማሕላ ብምፍጻም መንበሩ ይርከብ።

**እንቀጽ 91 ስመ መዓርገ ፓትርያርክ:**

እቲ ፓትርያርክ ካብ ዝተሰየመሉ ዕለት ጀሚሩ ብቁዕ ወቅዱስ ይበሃል። ስሙ ድማ ኣብ ኩለን ኣብያተ ክርስቲያን ብጸሎት ይዝከር።

**እንቀጽ 92 ናይ ፓትርያርክ መዝን ተግባርን**

ሀ. እቲ ፓትርያርክ ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኃላፊ ብምዃን ናይ ሃይማኖት መሠረትን ሥርዓተ ቤተክርስቲያንን ይሕሉን/ ክም ዚሕሎ ይገብርን። ናይ ቅዱስ ሲኖዶስ ኣቦ መንበር ኮይኑ ጉባኤ ይመርሕ፡ብሓፈሻ ኣብ ውሽጢ ሃገር ኮነ ኣብ ወፃኢ ሃገር ንዘለዋ ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ኣብያተ ክርስቲያን መንፈሳዊ ኣቦ እዩ።

ለ. እቲ ፓትርያርክ ኣብ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ኣብያተ ክርስቲያን ኤርትራ ሃገረ ስብከትን ኣብ ወፃኢ ንዚሽየሙ ጳጳሳትን፡ኤጲስቆጰሳትን መንፈሳዊ ፍትሒ እንቀጽ 5 ብዚእዝዞ መሠረት ምስ ሲኖዶስ ኮይኑ ይሸይም።

ሐ. ቅዱስ ሲኖዶስ ምስ ተሰማምዓሉ ንብፁዓን ጳጳሳት ናይ ሊቀ ጵጵስና መዓርግ ናይ ምሃብ ሥልጣን ናይቲ ቅዱስ ፓትርያርክ እዩ።

መ. ብዛዕባ ጉዳይ ቤተ ክርስቲያን ናይ መንግሥቲ ፍቓድ ኣብ ዘድልየሉ ጊዜ ብዚግባእ ኩነታት የሓትት ናይ ቅዱስ ሲኖዶስ ውሳኔ ዘድሊ ኮይኑ እንተ ተረኺበውን ንቅዱስ ሲኖዶስ ኣኪቡ ብምብያን በቲ ብያኔ መሠረት ክም ዝፍጸም ይገብር።

ሠ.ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ምስ ካልኦት ኣብያተ ክርስቲያንን መንፈሳውያን ትካላትን ብዛዕባ ዝተገብረ ርክብ ምስ ቅዱስ ሲኖዶስ ኮይኑ ይብይን።

ረ. ናይ ቅዱስ ፓትርያርክ መንበር ኣብ ከተማ ኣሥመራ ርእሰ ኣድባራት ደ/ጽዮን ቅድስት ማርያም ቤተ ክርስቲያን እዩ።

ሰ. ናይ ቤተክርስቲያን ሃብትን ንብረትን ብጥንቃቐ ይሕሉ፡ክም ዚሕሎ ድማ

ይገብር፡

**ዓንቀጽ 93 ካብ መዓርግ ምውራድ**

እቲ ፓትርያርክ ንሃይማኖት ተዋሕዶ ኮነ ንትምህርተ መለኮት ዘፋልስ፥ሕጊ ቤተ ክርስቲያን ዘይሕሉ፡መዓርጉ ዘጽርፍ ኮይኑ እንተ ተረኺበ ብሲኖዶስ ምስ ተጸንዐ ብናይ ሲኖዶስ ውሳኔ ካብ መዓርጉ ከም ዚወርድ ይግበር። ካብ መዓርጉ ቅድሚ ምውራዱ ግና ምእንቲ መሰሉ ኪከራኸር መሰሉ ሕልው እዩ። ብተወሳኺ እቲ ፓትርያርክ ናይ ምሕሳብ ክእለቱ እንተ ደኺሙ ምዝራብ ዘይኽእል እንተኾይኑ ሓካይምን ፍርቂ ናይ ሲኖዶስ ኣባላት ዘይምኽኣሉ እንተ ኣሚኖም ወይ ፍርቂ ኣባላት ሲኖዶስ ጉባኤ ይገበር ኢሎም እንተ ሓቲቶም ብዘይ ብቑዕ ምኽንያት እምቢ እንተ በለ ካብ መዓርጉ ከም ዚወርድ ይግበር።

**ዓንቀጽ 94 ኣቃቤ መንበር**

ፓትርያርክ ካብ ሥልጣን እንተ ወረደ ወይ ከኣ እንተ ሞተ ካብ ኣባላት ቅዱስ ሲኖዶስ ሓደ ኣባል ብሲኖዶስ ተመሪጹ እቃቤ መንበረ ፓትርያርክ ኮይኑ ይሽየም።

**ዓንቀጽ 95 መዝን ተግባርን ዓቃቤ መንበር**

ሀ. ኃላፍነት እቲ ዓቃቤ መንበረ ፓትርያርክ፡ ክሳብ ፓትርያርክ ዚሽየም እቲ ዝነበረ ተሓልዩ ከም ዚጸንሕ ምግባር እዩ። ምሻም፥ምውራድ፥ ምውሳኽ፡ኮነ ምንካይ ወይ ካብቲ ዝነበረ ሓሊፉ ሓድሽ ሥርዓት ምውፃእ ኣይክእልን እዩ።

ለ.ዓቃቤ መንበረ ፓትርያርክ ብኣምራጺ /ረቋሒ/ ኮሚቴ ንምርጫ ተወዳዳሪ እንተ ኮይኑ ግና ቅዱስ ሲኖዶስ ካልእ ዓቃቤ መንበረ ፓትርያርክ ብሕጹጽ ይትክእ።

ሐ. እቲ ዓቃቤ መንበረ ፓትርያርክ፥ ክሳብ እቲ ንፓትርያርክነት ዝተመርጸ ሥርዓተ ሽመትን፥ሥርዓተ መሕላን ፈጺሙ መንበሩ ዚርከብን ጥራይ፡ከም ኣቃቤ መንበረ ፓትርያርክ ኮይኑ ክገልግል ይጸንሕ

## <u>ኣንቀጽ 96 ናይ መንበረ ፓትርያርክ ዋና ጸሓፊ መዝን ተግባርን</u>

1. መንፈሳዊነቱን ዘመናዊ ትምህርቱን ዝተመስከረሉ ናይ ምምሕዳር ሥራሕ ልምዲ ዘለዎ ተመሪጹ ናይ መንበረ ፓትርያርክ ዋና ጸሓፊ ኮይኑ ብፓትርያርክ ይሽየም። እቲ ዚምረጽ ቆሞስ ካህን ወይ መዘምር ይኸውን።
2. ናይ መንበረ ፓትርያርክ ዋና ጸሓፊ ተጸዋዕነቱ ንፓትርያርክ እዩ።
3. ብዛዕባ ምምሕዳራዊ ኣብያተ ጽሕፈትን ኣብያተ ክርስቲያንን በብጊዜኡ ብቅዱስ ሲኖዶስ ወይ ብፓትርያርክ ዚውሃቡ መምርሒታትን ትእዛዛትን ናብ ነፍስ ወከፍ ሃገረ ስብከት ከም ዝመሓላለፍ ይገብር። ኣብ ግብሪ ምውዓሎም ድማ ይቆጻጸር።
4. ካብ ነፍስ ወከፍ ሃገረ ስብከት ዚቐርቡ ሕቶታትን ጉዳያትን ድማ ከከም ኣድላይነቱ ምስ ፓትርያርክ ብምምኻር ናብ ናይ ሲኖዶስ ቀዋሚ ኮሚቴ ከም ዚቐርብ ይገብር።
5. ነቲ ናይ መንበረ ፓትርያርክ ዋና ቤት ጽሕፈትን ኣብኡ ዝርከቡ ክፍልታት ሥራሕን የተሓባብርን ይመርሕን።
6. ብነፍስ ወከፍ ሃገረ ስብከት በብዓይነቱ ናይ ቤተ ክርስቲያን ሥርሓትን ንኻልእ ዚኸውንን ተጸኒዑ ዚቐርብ ዓመታዊ በጀት ናብ ቅዱስ ፓትርያርክ ከም ዚቐርብ ይገብር። ብቕዱስ ሲኖዶስ ምስ ተፈቕደ ድማ ኣፈጻጽምኡ ይቆጻጸር።
7. ብዛዕባ ሥራሕ መንበረ ፓትርያርክ ዚገልጽ ዓመታዊ ጸብጻብ ኣጽኒዑ ናብ ፓትርያርክ የቕርብ ቅዱስ ፓትርያርክ ከኣ ነቲ ዝቐረበሉ ዓመታዊ ጸብጻብ ናብ ቅዱስ ሲኖዶስ ኣቕሪቡ ከም ዚውሰን ይገብር።
8. ሓፈሻዊ ምምሕዳራዊ ጠቕላሊ መ/ ፓትርያርክ ናይ ክፍሊ ሥራሓትን ይመርሕን የፈጽምን።
9. ቅዱስ ፓትርያርክ ዝመደበሉን ዝኣዘዞን ካልእ ተመሳሳሊ ሥራሓትውን

ይፍጸም።

# ምዕራፍ ሸሞንተ (8)

# ማ እ ከ ል ነ ት

## ዓንቀጽ 97 ሓፈሻዊ ሃብቲ ቤተ ክርስቲያን

ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ዚንቀሳቐስን ዘይንቀሳቐስን ሓፈሻዊ ሃብትን ንብረትን ብማእከልነት ትጥቀምን ትምራሕን።

## ዓንቀጽ 98 ምንጪ ሃብቲ ቤተ ክርስቲያን

ሀ. ናይ መንፈሳዊ ኣገልግሎት ክፍሊት:

ለ. ዕሸር /ኣሥራት/

ሐ. ብብዓይነቱን ኣታዊታት:

1 መብጽዓ

2. ምጽዋት

3. ህያብ/መባእ/

4. ካብ ቤት ትምህርቲ ዚርከብ ኣታዊ:

5. ካብ ዝተፈላለየ ንብረት መሸጣ ዚርከብ:

6. በዚ ናይ ኣታዊ ኣርእስቲ ዘይተጠቕሰ ዝኾነ ይኹን ኣታዊ:

7. ካብ ክራይ ንብረት ኣታዊ:

8. ካብ ሕርሻ:

9. ካብ ሕክምና

10. ካልእ ብብዓይነቱ ናይ ኣታዊ ምንጭታት ብምፍጣር ዚርከብ ገንዘብን ንብረትን ይኸውን።

መ. ተወሳኺ መምርሒ ቅዱስ ሲኖዶስ የውፅእ ።

**ዓንቀጽ 99 ኣተኣኻኽባን ኣወፃፅኣን ገንዘብ ቤተ ክርስቲያን**

ኣተኣኻኽባን ኣወፃፅኣን ገንዘብ ቤተ ክርስቲያን ብዚም ልኡኽ ቅዱስ ሲኖዶስ መምርሒ የውፅእ።

**ዓንቀጽ 100 መንባብሮ ፓትርያርክን ጳጳሳትን መነኮሳትን**

መንባብሮ ፓትርያርክን፥ ጳጳሳትን፥ መነኮሳትን፥ መንንቲ እርድእትን ብሓድነት/ ብዘይደሞዝ/ ኮይኑ፥ ስለ ኣፈጻጽማኡ ድማ ብሕጊ ይውሰን።

**ዓንቀጽ 101 መንባብሮ ኣገልገልቲ ውሉደ ክህነት**

መንባብሮ ኣገልገልቲ ቤተ ክርስቲያን ውሉደ ክህነት ብደሞዝ ኮይኑ ቅዱስ ሲኖዶስ ብዘውፅኦ መምርሒ ይውሰን።

## ምዕራፍ ትሽዓተ (9)

## ኣመሓደርትን ኣገልገልቲ ቤተ ክርስቲያንን

**ዓንቀጽ 102 ዚሸየሙ ኣመሓደርቲ**

ናይ ኣድባራት ኣመሓደርቲ ሙያኦምን ግብረ ገብነቶምን ምስ ተፈልጠሎ ምን ምስ ተረጋገጸን ብናይ ሃገረ ስብከት ጳጳስ ፍቓድን ክታምን ይሸየሙ።

**ዓንቀጽ 103 ዚሸየሙ ኣገልገልቲ**

ገበዝ፥መሪጌታ፥ርእሰ ደብር፥ ኣንባባሪ፥ሊቀ ዲያቆን ዚብሉ መዓርጋተ ሢመት ብማንባር ብዘገልግሉ ናይቲ ቤተ ክርስቲያን ካህናት መራጽነት ተመሪጾም በቲ ናይ ቤተ ክርስቲያን ኣመሓዳሪ ኣቕራቢነት ብናይ ሃገረ ስብከት ጳጳስ ይሸየሙ።

**ዓንቀጽ 104 መምዘኒ**

በብደረጅኡ ዚሸየሙ ናይ ቤተ ክርስቲያን ተሸየምቲ ካብ ትዕቢት፥ ካብ ተንኰል፥ካብ ስኽራን፥ካብ ሸራ፥ ካብ ናይ ግላዊ ጥቕሚ ዝረሓቑ:ግብረ ገብነቶምን ትሕትናኦምን ዝተመስከረሎም ኪኾኑ ይግባእ።

ናይ ሰበኻ መንፈሳዊ ጉባኤ ምምሕዳር ብናይ ካህናትን ምእመናንን ናይ ሕብረት ሥራሕ ዝተመሥረተ ስለ ዝኾነ ናይቲ ሰበኻ ናይ ዝተፈላለየ ኣገልግሎት ኬማልእ ዚኽእል ደሞዝ ዚረኽቡ ካህናት ብዝሠርሕዎ ሥራሕ ክይተወሰነ ናይ ካልኣት ፍልጠት ኅብረትን ኪውሰኽ ክሎ ስለ ዝኾነ

ሀ. ኣብ ዝተፈላለየ ኣብያተ ጽሕፈት ኣብ ሥራሕ ዚርከቡ ካህናት ብፍቓድ ጊዜ ኣብ ዝረኽብሉ እዋን/ሰዓታት/ ክከም ሙያኦምን ክም ድልየቶምን ምምሕዳር ጉባኤ ብዘውፅእ ናይ ሥራሕ መደብ መሠረት ኣብ ውሽጢ እቲ ሰበኻ ዚርከቡ ዝተፈላለዩ ናይ ሥራሕ ክፍልታት ብሓላፍነት ኮነ ብተረዳእነት ናይ ምግልጋል መሰል ኣለዎም።

ለ. ምእመናን ድማ ምሥጢራተ ቤተ ክርስቲያን ኣብ ዘይምልከት ኣብ ዝኾነ ናይ ሥራሕ መደብ እናተዋፈሩ ዝመረጽዎ ናይ ኣገልግሎት ሥራሕ ብፍቓዶም ጊዜ ኣብ ዚረኽቡሉ ሰዓታት ብሓላፍነት ኮነ ብተረዳእነት ካብኦም ዚድለ ኣገልግሎት ብናፃ ኬበርክቱ ክርስቲያናዊ መሰሎምን ግዴታኦምን እዩ

ሐ. ኣብ ውሽጢ እቲ ክልል ሰበኻ ዚርከቡ ደሞዝተኞታት ኮነ ብናጻ ኣገልግሎት ናይ ምምሕዳር ሓላፍነት ዘለዎም ካህናት፥ዲያቆናት፥ መዘምራን መንእሰያት፥ ሽማግሌታት፥ ብሓፈሻኡ ካብ ወገን ካህናትን ምእመናንን ዡሎም ኣብ ትሕቲ ጽላል ሓንቲ ቤተ ክርስቲያን ዝተኣከቡ ስለ ዝኾኑ ነንሕድሕዶም ብወገንን ፥ ብዘመድን፥ብዓሌትን፥ብማይቤትን፥ብዕድመን ብፆታን፥ብመዓርግን ሥልጣንን ምኽንያት ብመንፈስ ጽልኢ ክይተፈላለዩ ናይ እግዚኣብሔር ሓደ ቤተ ሰብ ስለ ዝኾኑ ብፍቕሪ ተኣሳሲሮም ናይቲ ሰበኻ ዕላማን ተግባርን ንምፍጻም ብሓባር ኪሰለፉ ይግባእ።

## <u>ዓንቀጽ 105 መሰልን ግዴታን ካህናት</u>

1. **መሰል** :

ሀ. ኣብ ውሽጢ እቲ ምምሕዳር ዜገልግሉ ካህናት:

ዝተፈላለየ ኣገልግሎት ከም ናይ ሥራሕ ሙያኦም ብዕለት፥ኣብ ሰሙን፥ ኣብ ወርሕን፥ዓመትን ብዚሀብዎ ኣገልግሎት መጠን ደሞዝ ናይ ምርካብ:

ለ. ኣብ ወርሒ ንዚኸፈሎም ናይ ጥሮታ ክፍሊት ዘማልኡ ካህናትን ንዝተፈላለዩ ኣገልገልቲ ቤተ ክርስቲያን እታ ቤተ ክርስቲያን ብእትኽፍሎ መጠን ናይ ጥሮታ ኣበል ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎም።

ሐ. ኣብ ትሕቲ መንበረ ፓትርያርክ ሓፈሻዊ ቤት ጽሕፈት ዚመሓደር ኣብ ነፍስ ወከፍ ኣብያተ ክርስቲያን ሰባኺ መንፈሳዊ ጉባኤ ዚርከቡ ናይ መጻሕፍቲ ትርጉም፥ናይ ጸዋትወ ዜማ፥ናይ ቅዳሴን ቅኔን መምህራን ፥ናይ ምሥራሕ ኃይሎም ክይደኽመ ክሎ ብምኽንያት ዕድመ ጥራሕ ጥሮታ ኽይወፁ ብቅዱስ ሲኖዶስ ናይ ምሥራሕ መሰሎም ዝተሓለወ እዩ።

<u>2.**ግቡእ** :</u>

ሀ. ካህናትን ኣገልገልቲ ቤተ ክርስቲያንን ንዝተቖጽርሉ ሥራሕ ብምሉእ ኃይልን ክእለትን ኪሠርሑ ይግባእ

ለ. ናይ ጥሮታ ክፍሊት ምኽፋልን ናይ ሥራሕ ሰዓታት ምኽባርን ከአ ግዴታ ኣለዎም:

ሐ. ነፍስ ወከፍ ካህን:ኣብ ውሽጢ እቲ ሰበኻ ተመዝጊቡ ግቡእ ክፍሊት ንዚኸፍል ምእመን ብናጻ መንፈሳዊ ኣገልግሎት ናይ ምሃብ ግዴታ ኣለዎ።

መ.ነፍስ ወከፍ ካህን ብመምሀረ ንስሓ ንዝሓዞም ደቂ ኪምሀርን ኬመዝግብን ግዴታ ኣለዎ: ከምኡውን እቲ ዝተወሰነ ክፍሊት ብግዚኡ ኬኽፍልን ኪተግሀን ኬዘኻኽርን ሓላፍነት ኣለዎ:ነፍስ ወከፍ ካህን ብመሠረት ሕጊ ቤተክርስቲያን ሥርዓት ሓልዩ ከም ዚሕሎ ኪገብር: ካብቲ ንቤተክርስቲ ያን ዜንቅፍን ዜንውርን ተግባር ኩሉ ኺርሕቕ ድማ ግዴታኡ እዩ።

## እንቀጽ 106 መሰልን ግዴታን ምእመናን

**1.መሰል:**

ሀ. ኣብ ውሽጢ ክልል ሰበኻ ነባሪ ዝኾነን ኣብቲ ሰበኻ ጉባኤ ብኣባልነት ተፈሊጡ ዝተመዝገበን: ሕጊ ቤተ ክርስቲያን ኣማሊኡ ወረቐት መንነት ዝተዋህቦን:ምእመን ካብ ቤተ ክርስቲያን ንምእመናን ዚግባእ ኣገልግሎት ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎ:

ለ. በዚ ሕጊ እዚ ካብ ዝተገልጸ ክፍሊት ሓሊፉ ምእመናን ንካህናት ካልእ ገንዘብ ኪኸፍሉ ኣይግደዱን:ካህናትውን ኪሓቱ ኣይግባእምን።ኣብ ካልእ ሰበኻ ኪኸፍል ድማ ኣይግደድን እዩ።

ሐ. ሓደ ምእመንኣብቲ ዝነበረሉ ክልል ሰበኻ ቤተክርስቲያን ዚግብኦ ኽፍ ሊት እንተ ደኣ ኸፊሉ ብተወሳኺ ኣብ ካልእ ሰበካ ኪኸፍል ኣይግደድን እዩ።

መ. ሓደ ጋሻ ኣብ ካልእ ሰበኻ እንተ ደኣ ሞይቱ:ናይ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ተኸታሊ ምዃኑ ብመሰኻኸር እንተ ተረጋጊጹ ናይ ዕለት ጸሎተ-ፍትሓት ይግበረሉ።

**2. ግቡእ:**

ሀ. ናይቲ ክልል ሰበኻ ምእመናን ገንዘብ ብምኽፋል ብምምሕዳር፣ ብትምህርቲ፣ብልምዓት ብማኅበራዊ ናብራ ፣ኣገልግሎትን ብሓፈሽኡ ብሃብትን፣ብኽእለትን፣ብጉልበትን፣ንምርዳእ ኣብ ውሽጢ እቲ ክልል ሰበኻ ኣብ ዝተፈላለዩ ናይ ሥራሕ ክፍልታት ብምስታፍን ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ክገልግል ክርስቲያናዊ ግዴታ ኣለዎም።

ለ. ዝኾነ ይኹን ኣብ ሓደ ክልል ሰበኻ ቤተ ክርስቲያን ዚነብር ምእመን ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ሃይማኖት ሰዓቢ ዝኾነ: ኣብቲ ክልል ሰበኻ ምምዝ ጋቡ በዚ ሕጊ እዚ ዝተወሰነ ክፍሊት ምኽፋል ናይ ኣባልነቱ ወረቐት መንነት መሓዝ: ቤተሰቡን ደቁን ብዝርዝር ኣመዝጊቡ ነፍሰ

ወከፎም ናይ ኣባልነት ወረቐት መንነት ክም ዚሕዙ ይገብር :ንደቆም ኣብ ቤት ትምህርቲ ሰንበት ናይ ሃይማኖት ትምህርቲ ክም ዚከታተሉን ሥርዓት ቤተ ክርስቲያን ክም ዚሕልዉን ናይ ምግባር ግዴታ ኣለዎም።

ሐ. ዝኾነ ይኹን ምእመን ሕጊ ቤተ ክርስቲያን ዚስዕርን ሥርዓት ቤተ ክርስቲያን ነቒፉ ዜንቅፍ: ክብሪ ቤተ ክርስቲያን ኣዋሪዱ ዜዋርድ ኪኸውን ኣይግባእን ብመሠረት ሥርዓት ቤተ ክርስቲያን: ብትምህርቲ ቅዱሳት መጻሕፍቲ እናተመርሐ: በቲ ዝተወሰነሉ ናይ ምእመን ደረጃ ጸኒዑ ኪነብር ግቡኡ እዩ።

መ. ንሰበኻ መንፈሳዊ ምምሕዳር ጉባኤ ዝተመርጸ ምእመን በቲ ዝተዋህቦ ሓደራ ነቲ ዝተመርጸሉ ሥራሕ ኪፍጽም ግቡእ እዩ። ካብዚ ሓሊፉ ግና ኣብ ዝኾነ ይኹን ኣብ ውሽጣዊ ምምሕዳር ምሥጢራተ-ቤተ ክርስቲያን ጣልቃ ኺኣቱ ኣይግባእን ንሰበኻ መንፈሳዊ ምምሕዳር ጉባኤን ንኻልእ ሥራሕን ዝተመርጹሉ ሓለፍትን ብሓደራ ዝተቐበልዎን ሥራሕ ብትግሃት እቲ ጉባኤ ክም ዚሰፍሕን ክም ዚሕይልን ምግባር: እቲ ሕጊ ኪሕሎ: ምእመናን ኪበዝሑ መንእሰያት ብሥርዓት ቤተ ክርስቲያን ክም ዚዓብዩ ምግባር ዝተፈላለየ ኣታዊ ምንጪ ክም ዚፍጠርን እቲ ዚግባእ ኣታዊ ኩሉ ብጥንቃቐ ኽም ዚሕሎ ምግባር ግቡእም እዩ።

## ምዕራፍ 10
## ሕጊ መቕጻዕቲ

ኣብ ልዕሊ እዚ ሕጊ እዝን ኣብ ልዕሊ ሓፈሻዊ ሥርዓት ቤተ ክርስቲያንን ንዚሲዕር ኣባል ዚውሰዱ ሕጋዊ ስጉምትታት።

### ኣንቀጽ 107 ደረጃ መቕጻዕቲ

ዝኾነ ይኹን ኣባል ቤተ ክርስቲያን መደበኛ ኣገልጋልን ሠራሕተኛን ንሕጊ መመሓደሪ መንፈሳዊ ሕግን ሓፈሻዊ ሥርዓት ቤተ ክርስቲያን ዚሥዕር ክከም ኩነታቱ

ሀ. መጀመርታ ብናይ ቀረባ ሓላፊኡ ነቲ ዝበደሎ በደል ብምጥቃስ ናይ ቃል ምኽርን ተግሣጽን ይወሃቦ

ለ. ኣብ ካልኣይ ጊዜ በቲ ናይ ቀረባ ሓላፊኡ ወይ ብላዕለዋይ ኣካል ንዝበደሎ በደል ብምጥቃስ ናይ ጽሑፍ መጠንቀቕታ ይወሃቦ

ሐ. 1. በዓል ደሞዝ ኣገልጋሊ ወይ ሠራሕተኛ እንተ ኾይኑ ብናይ ክፍሉ ሓላፊ ክሳብ ናይ 10 መዓልቲ ደሞዝ መቕጻዕቲ ካብዚ ንላዕሊ ዘቕጽዕ እንተ ኾይኑ ግና ብኣመሓዳሪ ሰበኻ ጉባኤ ዚምራሕ ክፍሊ ሕግን ሥነ ሥርዓትን ወይ ድማ ኣብ ዚሠርሓሉ ክ/ሕግን ሥነ-ሥርዓትን ዚወሃብ ብያኔ ይኽውን።

2. እቲ በደል ዝፈጸመ ኣገልጋሊ መደበኛ ወርሓዊ ደሞዝ ዘይብሉ እንተ ኾይኑ ግና ብቀኖና/ጾም/ብሳምንታዊ ኣገልግሎት ይቕጻዕ።

መ. ኣብ ራብዓይ ጊዜ ንዝተወሰነ ጊዜ ካብ ሥራሕ ብምእጋድ ካብ ሥራሕ ምፍናው ካብ ኣባልነት ብምስራዝ ኪብየን ይከኣል። እንተኾነ እቲ ናይ መወዳእታ ብይን ካብ ሥራሕ ምስንባት ወይ ድማ ኣባልነት ምስራዝ ኪጸንዕ ዚኽእል ናብ ሃገረ ስብከት ቀሪቡ ደረጃኡ ሓልዩ ምስ ተበየነ እዩ።

3. ዝኾነ ይኹን ኣገልጋሊ ቤተ ክርስቲያን ሠራሕተኛን ንዝተመደበሉ ሥራሕ ኪፍጽም ግቡእ እዩ። ነዚ ዝጠሓሰ ድማ ኣብ ዐንቀጽ 1 ካብ ፊደል ሀ ክሳብ ፊደል ሐ ብዝተዘርዘረ መሠረት ብኣመሓዳሪ ቤተ ክርስቲያን ብዚምራሕ ክፍሊ ሕግን ሥነ- ሥርዓትን ኮሚቴ ወይ ድማ ብናይ ክፍሉ ሓላፊ መቕጻዕቱ ይምደበሉ። እቲ መቕጻዕቲ ብቀኖና /ብጾም/ ወይ እቲ በደል ክቢድን ተደጋጊሙ ዝተፈጸመ እንተ ኾይኑ ወይ ከኣ ሥልጣን ክህነት ክሳዕ ምስዓር ዚበጽሕ ኮይኑ እንተ

ተረኺቡ ብጉባኤ ካህናት ምስ ተጻረየ እቲ ካህን ካብ ኣገልግሎት ተኸልኪሉ ይጸንሕ እሞ እቲ ጉባኤ ብይን ኪወሃቦ ናብ ናይ መንበረ ጵጵስና ሃገረ ስብከት ፍሉይ ቃለ ጉባኤ የመሓላልፍ።

4. ናይ ካህን በደል ንሃይማኖት ዚነክእ ማለት ንኣምልኮተ እግዚኣብሔርን ምሥጢራተ ቤተ ክርስቲያንን ነቒፉ ዜንቅፍ ክሒዱ ዜኽሕድ እንተ ኾይኑ እቲ ጉባኤ ብናይ ሃገረ ስብከት ጳጳስ ደረጃኡ ሓልዩ ናብ ቅዱስ ሲኖዶስ ይቐርብ እቲ ዚወሃብ መቕጻዕቲ ድማ ክሳዕ ምውጋዝ ዚበጽሕ ይኽውን።

5. ዝኾነ ይኹን ኣባል ክልል ሰበኻ ቤተ ክርስቲያን ወይ ድማ በቲ ሰበኻ ምምሕዳር መንፈሳዊ ጉባኤ ንኣገልግሎት ዝተመደበ ምእመን ግዴታኡ ከኽብር ግቡእ እዩ። ነዚ ጥሒሱ እንተ ተረኺበ ግና ናይቲ በደሉ ኩነታት ተራእዩ ክብደቱ ተመዚኑ እቲ ኣብ እንቀጽ 1 ካብ ፊደል ሀ ክሳብ ፊደል ሐ ተመልኪቱ ዘሎ ንካህን ዝተወሰነ ንምእመንውን ከምኡ በቲ ዚምልከቶ ይብየን።

6. ዝኾነ ይኹን ካህን ወይ ምእመን በደል ከም ዝፈጸመ እኳ እንተ ተረጋገጸ ናይ ክልል ቤተ ክርስቲያን ኣባል ስለ ዝኾነ በቲ ዝፈጸሞ በደል ተጣዒሱ ምእንቲ ኪነጽህን ኪእረመሉን ከምኡውን ካብ ጌጋኡ /ካብ ሓጢኣቱ/ ኪምለስ ብሕጊ ቤተ ክርስቲያን ናብ ንስሓን ሱባኤን ከም ዚኣቱ ምግባር ናይቲ ክልል ሰበኻ ቤተ ክርስቲያን ኣባላት ተግባር ኪኸውን ይግባእ።

<u>**እንቀጽ 108 ሥልጣን ክፍሊ መንፈሳዊ ሕግንሥን-ሥርዓትን**</u>

1. ብኣመሓዳሪ ቤተ ክርስቲያን ዚምራሕ ናይ ሰበኻ ጉባኤ ክ/ሕግን ሥነ-ሥርዓትን እዚ ዚስዕብ ቲልጣንን ተግባርን ይሀልዎ

ሀ. ኣብ ካህናት ወይ ኣብ ምእመናን ወይ ድማ ኣብ ኣገልገልቲ ቤተ ክርስቲያንን ሠራሕተኛታት ቤተ ክርስቲያንን ንዚፍጠር ግርጭታት ብዚምልከት

ለ. ናይ ሰብኣይን ሰበይትን ቃል ኪዳን ክርክር ብዚምልከት

ሐ. ንእንባልጋሊ ቤተ ክርስቲያንን ሠራሕተኛ ቤተ ክርስቲያንን ንዝተወሰነ ጊዜ ካብ ሥራሕ ምእጋድ ካብ ኣባልነት ጠጠው ምባል ወ.ዘ.ተ. ይኸውን

2. ንኡስ ሃገረ ስብከት ክፍሊ ሕግን ሥነ-ሥርዓትን ብዘይካ ካብ ሥራሕ ምውጋድ፡ካብ ኣባልነት ምስራዝ ናይ ሰበኻ ጉባኤ ክፍሊ ሕግን ሥነ-ሥርዓትን ዝሃቦ ውሳኔ ብይግባይ ደረጃ ርእዩ ምውሳን ሥልጣን ኣለዎ።

## ኣንቀጽ 109 ናይ ሃገረ ስብከት ሕጋዊ ሥልጣንን ተግባርን።

ሀ. ብናይ ሰበኻ ጉባኤ ፍሉይ ጉባኤ ካህናት ተጻርዩ ናይ ሓሳብ ውሳኔ ዝተዋህቦ ንምሥጢራተ ቤተ ክርስቲያንን ሥልጣነ ክህነትን ንሃይማኖትን ዚምልከት ጉዳይ

ለ. ብኣማሓዳሪ ሰበኻ ጉባኤ ዚምራሕ ክፍሊ ሕግን ሥነ ሥርዓትን ዝተወሰነ ካብ ሥራሕ ምውጋድ ካብ ኣባልነት ምስራዝን ዚምልከት እዩ።

ሐ.. ናይ ሰበኻ ጉባኤ ኣመሓዳሪ ዝፈጸሞ በደል ርኢኻ ምውሳን ይኸውን

## ኣንቀጽ 110 ላዕለዋይ ይግባይ ሰማዒ

ብፓትርያርክ ዚምራሕ ቀዋሚ ሲኖዶስ ወይ ድማ ምልኣተ ጉባኤ ቅዱስ ሲኖዶስ ብመሠረት ኣንቀጽ 30 ፊደል "ሀ" ላዕለዋይ ይግባይ ሰማዒ እዩ ።

## ኣንቀጽ 111 ደረጃ ይግባይ

1. ብኣመሓዳሪ ሰበኻ ጉባኤ ዚምራሕ ናይ ሕግን ሥነ-ሥርዓትን ኮሚቴ ንዝሃቦ ውሳኔ ከሳሲ ወይ ተኸሳሲ ናብ ን/ሃገረ ስብከት ኣብ ውሽጢ 15 መዓልቲ ይግባይ ናይ ምባል መሰል ስለ ዘለዎ እቲ ይግባይ ሰማዒ ነቲ ናይ ሰበኻ ጉባኤ ክ/ሕግን ሥነ- ሥርዓትን ኮሚቴ ዝሃቦ ውሳኔ እንተ ኣጽዲቕዎ እቲ ጉዳይ ይዕጸ። ይግባይ ሰማዒ ን/ሃገረ ስብከት ነቲ ናይ ሰበኻ ጉባኤ እቲ ክ/ሕግን ሥነ-ሥርዓትን ዝሃቦ ውሳኔ እንተ ቀይርዎ ግና እቲ ኣብ ሰበኻ ጉባኤ ክ/ሕግን ሥነ-ሥርዓትን ረቲዑ ዝነበረ ኣብ ውሽጢ 15 መዓልቲ ናብ ሃ/ስብከት ይግባይ ናይ ምባል መሰል ይህልዎ።

ሃ/ስብከት ዝሃቦ ውሳኔ ድማ ናይ መወዳእታ ይኸውን።

## ኣንቀጽ 112 ብጳጳስ ዚምራሕ ናይ ሃገረ ስብከት መንፈሳዊ ጉባኤ

ብጳጳስ ዚምራሕ ናይ ሃ/ስብከት መንፈሳዊ ጉባኤ ኣብ ኣንቀጽ 109 ካብ ፊደል ሀ ክሳብ ፊደል ለ ብዝተዋህቦ ሥልጣን መሠረት ንምሥጢራተ ቤተ ክርስቲያንን ሥልጣነ ክህነትን ንሃይማኖትን ዚምልከት ክምኡውን ብአመሓዳሪ ሰበኻ ጉባኤ ዚምራሕ ብናይ ሕግን ሥነ-ሥርዓትን ዝተወሰነ ካብ ሥራሕ ምእጋድን ካብ ኣባልነት ምስራዝን ዝተረትዐ ዚምልከት ንዝሃቦ ውሳኔ ወገን ኣብ ውሽጢ 15 መዓልቲ ብፓትርያርክ ናብ ዚምራሕ ቀዋሚ ቅዱስ ሲኖዶስ ናይ ይግባይ ምባል መሰል ይህልዎ።

እዚ ብሀገረ ስብከት ዝተዋህበ ውሳኔ ብቀዋሚ ሲኖዶስ ወይ ብምልአተ ቅዱስ ሲኖዶስ ይውሰን ። ቀዋሚ ሲኖዶስ ወይ ቅዱስ ሲኖዶስ ዝሃቦ ውሳኔ ድማ ናይ መወዳእታ ይኸውን

## ኣንቀጽ 113 ናይ ኣፈጻጽማ ሥነ-ሥርዓት

ነዚ ሕጊ እዚ ማለት ካብ ኣንቀጽ 1-126 ደረጃ ብደረጃ ንዝተደንገገ ክይፍጸም ብግልጽን ብሥውርን ዝተቓወመ፣ ዘተዓናቐፈ፣ዘይፈጸመ ወይ ዘየፈጸመ ካህን እንተኾነ ካብ ሥልጣነ ክህነቱ ይስዓር፣ምእመን እንተኾነ ድማ ካብ ኣባልነቱ ይስረዝ ሠራሕተኛ እንተ ድአ ኮይኑ ኸአ ካብ ሥራሕ ይውገድ።

# ምዕራፍ ዓሠርተው 11

# ዝተፈላለዩ ኣርእስቲ

## ኣንቀጽ 114 ሓድሽ ዚሕነጽ ቤተ ክርስቲያን

1.ሓድሽ ምሕናፅ ቤተ ክርስቲያን ብናይቲ ሃገረ ስብከት ጳጳስ ይፍቀድ

2. ቤተ ክርስቲያን እምነ መሠረት ኪንበረሉ ከሎ፡ ኮነ ምስ ተሓንጸ ብኤጲስቆጳስ ወይ ከአ ንሱ ብዚወክሎ ቀሞስ ጥራይ ይባረኽ።

3. ኣብ ዝኾነ ቤተ ክርስቲያን ዚኣቱ ጽሓት ስም እግዚኣብሔር ዝተጻሕፎ ኮይኑ፥ቀጺሉ ስም እቲ ዝተሰየመሉ መልኣኽ፥ ሰማዕት፥ወይ ጻድቕ ይጽሓፎ። ስም ሰብ ክይጽሓፎ ግና ክልኩል እዩ። እንተኾነ ግና ዘሕዝበ ክርስቲያን ዓዲ እገለ ተባሂሉ ብዝባኑ ኣብ እግሪ ጽሓት ይጽሓፈሉ።

**<u>ኣንቀጽ 115 ልብሰ ሙሉደ-ክህነት</u>**

መራሕትን ኣገልገልትን ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ ብቅዱስ ሲኖዶስ ዚውሰን ፍሉይ ናይ መንፈሳዊ ኣገልግሎት ልብሰ ተኸህኖን ናይ ዘወትር ክዳንን ይህልዎም።

**<u>ኣንቀጽ 116 ምምሕዳር ሠራሕተኛታት ቤተ ክህነት:-</u>**

ብዛዕባ ሓፈሻዊ ምምሕዳር ሠራሕተኛታት ቤተ ክህነት መሰልን ግዴታን: ብዚምልከት ኣብ ዚመጽእ ናይ ፓትርያርክ ምምሕዳር ሥራሕ ቅዱስ ሲኖዶስ ብዘውፅእ መምርሒ ይውሰን።

**<u>ኣንቀጽ 117 መሰልን ግዴታን ጥሮታ:-</u>**

ዝኾነ ይኹን ብደሞዝ ተቖጺሩ ዚሠርሕ ኣገልጋሊ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ሕጊ ጥሮታ ብዚእዝዞ መሠረት ዚግባእ ናይ ጥሮታ ውፅኢት እንተማሊኡ ናይ ጥሮታ መሰል ይህልዎ።

**<u>ኣንቀጽ 118 ቅርሳ ቅርሲ ቤተ ክርስቲያን</u>**

ኩሉ ቅርሳ ቅርሲ ቤተ ክርስቲያን:ሃብቲ ቤተ ክርስቲያን ይኸውን። ቤተ ክርስቲያን ብእተውፅኦ ሕጊ ድማ ይዕቀብ።

**<u>ኣንቀጽ 119 ኣቆጻጽራ ዘመን ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ</u>**

ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ ብሓሳብ ዲሜጥሮስ ዝተቐመረ ኣቆጻጽራ ዘመን/ካላንደር/ ትኽተል

## ዓንቀጽ 120 ሬደላትን ኣጋዛትን:-

ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ሥነ-ጽሑፍ ዓቂባ ዝጸንሐትን፥እትነብርን ብምዃና፡ዝጸንሑ ሬደላትን ኣጋዛትን ክየጉደለት ዓቂባ ትነብር።

## ዓንቀጽ 121 ዝምድና ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ ምስ ምብራቓውያን ኦሬንታልን ምስ ካልኦት ኣብያተ ክርስቲያናትን ይኸውን:-

ሀ. ምስ ኦሬንታል ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ኣብያተ ክርስቲያን ማለት፡ምስ ግብጺ፡ሶርያ ኣርመን ኢትዮጵያ ሕንዲ /ማላባር /ብነገረ መለኮትን ምሥጢራተ ቤተ ክርስቲያንን ርክብ ስለ ዘሎና ኣብ መንበሮም ንቕድስ ኣብ መንበርና ይቕድሱ፡ ናይ ቍርባን ሓድነትውን ኣሎና። ብናይ ክህነት ቀኖናውን ሓደ ኢና።

ለ. ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን፡ነገረ መለኮትን ምሥጢራተ ቤተ ክርስቲያንን ብዘይምልከት ምስ ናይ ዓለም ኣብያተ ክርስቲያን ናይ ክርስትና ሕውነት ኣለዋ።

## ዓንቀጽ 122 ሰብኣዊ መሰላት ብዚምልከት ዝምድና:

ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ሰብኣዊ መሰላት ብዚምልከት ምስተን ብመንግሥቲ ኤርትራ ተፈላጥነት ዘለወን፡ኣብ ውሽጣን ወፃእን ዘለዋ ካልኦት እምነታት፡ማለት ምስ ኦርቶዶክስ፡ ካቶሊክን ፕሮተስታንትን ከምኡውን ናይ ግብረ-ሠናይ ትካላትን ምትሕብባር ተገብር።

## ዓንቀጽ 123 ኣርማ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ:-

ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኣርማ መስቀል [illegible]

ቤተ [illegible] ዝሓዘ [illegible]

እተጠቓልል ጥቕሲ ከኣ፥ ቃል ሥጋ ኮነ እትብል ትኸውን። እዚ ከኣ ብሲኖዶስ ይውሰን።

**<u>ኣንቀጽ 124 ካብ ኦርቶዶክሳውያን ዝሕተት ክፍሊት:-</u>**

ኣብ ኩሉ ዓለም ክርስቲያን ክልተ ካብ ሚእቲ (2%) ከም ዚኸፍሉ ናይ ዓለም ክርስቲያን ዜረጋግጽ ሓቂ እዩ። ምእንት እዚ

ሀ. ኩሉ ናይ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኣማኒ ካብ 10 /ዓሥርተ/ ሓደ ማለት ዕሽር ኪኽፍል ትእዛዝ ኣምላኽ እዩ።

ለ. ዕሽር ንዝኸፈለ ብዘይካ ኣብ አንቀጽ 26 ታራ ቁ ጽሪ አርባዕተ ዝተጠቕሰ እንተ ዘይኮይኑ ካልእ ተወሳኺ ኪኽፍል ኣይግደድን እዩ።

**<u>ኣንቀጽ 125</u>**

ቅድሚ ሕጂ ኪሥርሓሉ ዝጸንሐ ሕጊ ቃለ ዓዋዲ በዚ ሕጊ እዚ ተተኪኡ አሎ

**<u>ኣንቀጽ 126: ምምሕያሽ ናይዚ ሕጊ/ቅዋም/ እዚ</u>**

እዚ ሕጊ እዚ ኣድላዪ ኮይኑ እንተ ተረኺቡ ብናይ ቅዱስ ሲኖዶስ ፍቓድን ትእዛዝን ኪመሓየሽ ይኽእል።

ተፈጸመ በሰላመ እግዚአብሔር

ቤት ማሕተም ኣዱሊስ